# ዲሞክራስያዊ ኪዳን

ዕላዊ ልሳን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

Democratic Alliance

ዲሞክራስያዊ ኪዳን ሕታም ቍ. 16 ሓምለ-መስከረም 2006

## ገጽ 6

... እዚ ክበሃል እንከሎ እምበኣር ከም ኣብ ኩሉ መዳያት ተረኽቦ ጉዳይ ስደተኛታት እውን መሰረታዊ ፍታሕ ዝረክብ ብኤርትራውያን እምበር ብናይ ግዳም ሓይልታት ኣይኮነን። እቲ ፍታሕ ድማ ብዙሕ መልክዓት ክህልዎ ከምዝኽእል ብሩህ ኮይኑ ብቐንዱ ግና ምስ ምውጋድ እቲ ጠንቂ ሰደት ዝኾነ ስርዓት ዝተሓሓዝ እዩ ዝኸውን። እቲ ካልእ ፍታሕ ካብቲ ስደተኛ ዝብል ቅጽል ከይወጻእካ ዝግበር መቃነዪ ጽገናታት ጥራይ እዩ ዝኸውን። ስለዚ ንሕና ኤርትራውያን ቀዳማይ ቆላሕታና ናብ'ቲ ስደት ምጽብባቕ ዘይኮነስ ንጠንቂ ስደት ምውጋድ ክኸውን ይግበኦ። ብፍላይ ድማ ኣብዚ "... ብሩህ ተስፋ ንስደተኛታት..." ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ዝዝከር ዘሎ ዓለምለኻዊ ቅነ ስደተኛታት ኮይና ነዚ ንምፍጻም ቃል ክንኣትው ይግበኣና።....

## ገጽ 8

....ኣብዚ ክልተ ኣገደስቲ እሞ ድማ ዘሕዝኑ ጉዳያት ነስተውዕል። እቲ ሓደ ኤርትራውያን ወለዲ ብደቆም ናይ ምጥዋር መሰሎም ጥራይ ዘይኮነስ ብሞት ደቆም ሓዘኖም ናይ ምግላጽ ባህላዊ መሰሎም እውን ይገፈፍ ምህላዉ። እቲ ካለኣይ ድማ ስርዓት ህግዲፍ ነዞም መንእሰያት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ እንከለዉ ብጉልበት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ምስ ሃደሙን ምስ ሞቱን እውን ደድሕሪኦም እናሰዓበ ናብ ናኹፋ ኣሽሪፉ ዝምዝምዞም ምህላዉ እዩ። ....

q l › r KÃ̈Gíq ²Ã̈


1. X† [-–} cÃ̈
ጠቕላላ ጕባኤ ኪዳን ንምንታይ ኣድለየ ....................................1-2

2. መግለጺ ብኣጋጣሚ
መበል 45 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ..........................2-3

3. ስለምንታይ ሃገራዊ ዋዕላ ....................................................4

4. ግቡእ ቆላሕታ ዘይረኸበ ጕዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ..5-6

5. ኣብ እንዳ ህግዲፍ ዘይተነግረ እምበር፡
ዘይተፈጸመ ገበን የለን .......................................................7-8

6. ብወረቐት ናይ ተቓውሞ ምጽዋት ዝለመደ ስርዓት ...........9-10

7. ጌጋ ብጌጋ እይእረምን ኢዩ፤
ሓሶት ውን ሓቂ ኣይኰውንን ኢዩ .......................................10-11

8. ጋዜጣዊ መግለጺ
ሰክረታርያ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ሃ/ዋዕላ ................................11-12

9. ዜናዊ ጸብጻብ .................................................................12-20

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ጠቕላላ ጉባኤ ኪዳን ንምንታይ ኣድለየ?

ኣብ'ቲ ኣብ ሚያዝያ 2006 ዓ.ም እተኻየደ ዓመታዊ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት፡ ቅድሚ ምዝዛም ናይ'ዚ ዓመት'ዚ፡ ጠቕላላ ጉባኤ ኪዳን ክግበር ተወሲኑ። ዕላማኡ ድማ፡ ኣብ መንጐ ውድባት ኪዳን ዘሎ ደረጃ ናይ ስኒት ክብ ብምባል፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ ብብቕዓት ምምካት ኢዩ። ቅድሚ 6 ዓመት ኣትሒዙ ዝተመስረተን ስሩዕ ኣኼባታቱ ከካይድ ዝጸንሐን ምሕዝነት፡ ክሳዕ ሕጂ እቲ ዝድለ ስትራተጂካዊ ስኒት ኣብ መንጐ ኣባላቱ ዝኾና ውድባት እንተደኣ ዘየረጋገጸ ኰይኑ፤ እምበር'ዶ ነዚ ዕላማ'ዚ ንምርግጋጽ ተስፋ ኣለዎ'ዩ? ዝብል ቅቡል ሕቶ ክለዓል ይከኣል ኢዩ። ብሰንኪ ግጉይ ተግባራት ዲክታቶርያዊ ጕጅለ፡ ኣብ ኤኮኖምያውን ጸጥታውን ፖለቲካውን መዳያት ዝሰዓበ ወጥርታትን፡ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ ዝርአ ዘሎ ህጹጽ ምዕባለታትን፥ ሃገርና ናብ ዘይተፈልጠ መጻኢ ኣብ እተምርሓሉ ዘላ እዋን፡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሕቶ ክለዓል ባህርያውን ቅቡልን ኢዩ። ነዚ ቅቡል ሕቶ'ዚ እንህቦ መልሲ፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምምካት ሰፊሕ ሓባራዊ ግንባራዊ ዕዮ ምክያድ ዝብል ሓሳብ፡ ኣብ መንጐ ውድባት ክውለድ ድሕሪ ምጅማሩ፡ ነቲ ካብ ኣርብዓታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ-ዘመን ኣትሒዙ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ ዓብሊሉ ዝጸንሐ ናይ ካልእ ርእይቶ ዘይቅበልን ንህላወ ናይ ካልኦት ዝኽሕድን ኣተሓሳስባ ቀስ ብቐስ ባይታ እናጸበበሉ ክመጽእ ተራእዩ ዝብል ኢዩ። እዚ ናይ ካልእ ርእይቶ ዘይቕበል ኣተሓሳስባ እዚ ከኣ'ዩ፡ ነቲ ህዝብና ንዳርጋ 60 ዓመታት ዝኸውን ግዜ፡ ኣብ ልዕሊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዘረጋገጸ ዓወታት፡ ንረብሓ ናይ ሓደ ንሃገርና ናብ ገሃነም እሳት ገጹ ዝመርሓ ዘሎ ጨቋኒ ስርዓት ክውዕል ባብ ዝኸፈተሉ።

ልክዕ'ዩ፡ እቲ ኣብ መንጐ ውድባት ተረጋጊጹ ዘሎ ስኒት፡ ነቲ ትጽቢት ዘየማልእ ጥራሕ ዘይኰነስ፤ ነቲ መድረኻዊ ብድሆታት ንምምካት ውን ዘብቅዕ ኣይኰነን። ምኽንያቱ ከኣ፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ምኽናን ምስምማዕ ጥራሕ፡ ሃገር ንምህናጽን ሓድነት ናይ'ቲ ብብዙሕነት ናይ ባህልን መበቆልን ዝልለ ህዝቢ ንምርግጋጽን እኹል ኣይኰነን። ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነት ንኣብነት፡ ንባህግታት ናይ ህዝብና ዘይኰነስ፤ ብኣንጻሩ፡ ንውልቃዊ ባህግታት ናይ'ቲ ገዛኢ ጕጅለ ዘርወየን፤ ንናይ ህዝብና ስቅያትን ግርጭታትን ዘዕመቔን፤ ኣብ መንጐ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ናይ ህዝብና ናይ ዘይምትእምማን ሃውህው ዝፈጠረን ምዃኑ ምጥቃስ እኹል ምስክርነት ኢዩ። ብተመሳሳሊ ኣገባብ፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ምውዳቕ ዝብል መደብ ዕዮ ጥራሕ ነቲ ኣብ መንጐ ክፍልታት ህዝብና ዝፍጠር ግርጭታትን ቅልውላዋትን መቓጸልታ እንተዘይኰይኑ ካልእ ፍሉይ ውጽኢት ክህልዎ ኣይኰነን። ስለ'ዚ፡ ብመንጽር'ቲ ነጊሱ ዝጸንሐ ምክፍፋላት፡ እዚ ተረጋጊጹ ዘሎ ስኒት ከም ንቕድሚት እንስጕመሉ መበገሲ ክንወስዶ ደኣ'ምበር፤ ንድሕሪት ናብ'ቲ ዝነበርናዮ ናብ ናይ ካልእ ርእይቶ ምንጻግ መድረኽ ክንመልሰን፤ ንኹሉ ሓቅታት ክንሰግሮን ኣይግባእን።

ሓቀኛ ፍትሕን ዲሞክራስን ዝሰፈና ሃገር መታን ክንምስርት፡ ምስ ሓድነት ህዝብና ምትእስሳር ዘለዎ ጉዳይ መሰል ናይ ሃብቲ ምክፋልን፥ ጉዳይ ፖለቲካዊ ተሳትፎን ናይ ዝተፈላለዩ ባህላውን ሃይማኖታውን ክፍልታት ምርግጋጽን፡ ብግልጽነት ክንዛረበሉ ግዜኡ ዝኣኸለ ኢዩ ዝመስል። ገለገለ ዓንቀጻት ናይ'ቲ ቻርተር፡ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ ርሱን ክትዓትን ምስሕሓባትን ምፍጣሩ፡ ካብ'ቲ ንኤርትራ መን የመሓድራ፡ መን'ከ ይርብሓላ ዝብል ኣተሓሳስባ ወጺእና፤ ናብ ኤርትራ ከመይ ትመሓደር ዝብል ኣተሓሳስባ ምስጋርና፡ ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ ምዕባለ ይርአ ከምዘሎ ዝሕብር ኣወንታዊ ምልክት ኢዩ።

ጠቕላላ ጉባኤ ኪዳን ከኣ፡ እዚ ጉዳይ’ዚ ዝለዓለሉን፡ ምስ ኣወንታውን ኣሉታውን ተመኩሮታት ጉዕዞ ሃገራዊ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ብምዝማድ ብግልጽነት ክትዕ ዝካየደሉን ንትጽቢታት ናይ ኵሉ ክፍልታት ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ዘንጸባርቕ እተማልአ ሃገራዊ መደብ ዕዮ ዝወጽኣሉ መድረኽ ክኸውን ምዃኑ ድማ፡ ዘጠራጥር ኣይኰነን።

*******************************************************************

*****************************************

## መግለጺ ብኣጋጣሚ መበል 45 ዓመት ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ

መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን በዚ ኣጋጣሚ’ዚ፡ ንህዝቢ ኤርትራን ንሰማእታቱን ኣብ ማእሰርቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንዝሳቐዩ ዘለዉ ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራትን ዘለዋ መጐስን ኣድናቖትን ኣኽብሮትን ይገልጽ። ከምኡ ውን ንኣዕሩኽን ደገፍትን ቃልስታት ህዝብና ዝኾኑ ኣህዛብን መንግስታት ምስጋናኡን ሰላምታኡን የመሓላልፍ።

ውፉይ ተቓላሳይ ህዝብና!

ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ብጅግና ስውእ ሓምድ ኢድሪስ ዓወተን ገዳይም ተጋደልቲ ብጾቱን ኣብ ትሕቲ ጽላል ተሓኤ ዝተኣወጀ ብረታዊ ተጋድሎ፡ ንህዝብና ኣብ ጉዕዚ ቃልስታቱ ናይ ሓድሽ ምዕራፍ ምኽፋት ኣዋጅ’ዩ ነይሩ። ባሕቲ መስከረም፡ ከም መቐጸልታን መመላእታን ናይ’ቲ ህዝቢ ኤርትራ ከም ፖለቲካዊ ባእታ ካብ እተፈልጥሉ እዋን ኣትሒዙ ምእንቲ ናጽነቱ ከካይዶ ዝጸንሐ ቃልስታትን፤ ከም ባህርያውን ሰውራውን ተጻይ መልሲ፡ ነቲ ንድሌትን ትጽቢታትን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ከየእተወ፡ ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ ሃጸያዊ መግዛእቱ ዝጸንበረ ውሳኔን ትዕቢተኛን ተኹታኹን ተግባራት ንጉሳዊ ስርዓት ሃይለስላሴን ኰይኑ’ዩ መጺኡ።

ስርዓት ደርግ ውን፡ ኣሰር ንጉሳዊ ስርዓት ሃይለስላሴ’ዩ ተኸቲሉ። እንተኾነ ግን፡ ህዝባዊ ሰውራና ንዘጋጥሞ ዝነበረ ቦታውን ዞናውን ኣህጉራውን ብድሆታት መኪቱ ነቲ እተበገሰሉ ዕላማታት ናይ ናጽነት ንምርግጋጽ ብንጽዓት ስለዝቐጸለ፡ ጽልዋታቱ ኣብ ኵሉ ኵርንዓት ናይ ኤርትራ ከሕድርን፤ ንኹሉ’ቲ ኣንጻር ድሌት ህዝብና ዝፍሓስ ዝነበረ ውዲት ከፍሽልን፤ ድምጹን ህላዌኡን ከስምዕን በቕዐ። ከም ውጽኢት ናይ’ዚ ጅግንነታዊ ተጋድሎ’ዚ ድማ፡ ብ24 ግንቦት 1991 መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ካብ መላእ መሬትና ተጸሪጉ ክወጽእ ተቐሰበን፤ ኤርትራ ድማ፡ በቲ ህዝብና ኣብ 1993 ዘካየዶ እወ ንናጽነት ዝብል ሕጋዊ ሪፈረንደም ድማ፡ ናጽነታ ክትጐናጸፍ በቕዐት።

ኦ፡ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራን ፖለቲካዊ ሓይልታቱን ፈተውትን ኣዕሩኽን!

ህዝብና ንዘካየዶ ናይ 30 ዓመታት ጅግንነታዊ ናይ ቃልሲ መድረኽ ክንዝክር እንከሎና፡ ትርጉም ናይ ባሕቲ መስከረም ኣብ ግምትና ከነእቱ ይግባኣና። ባሕቲ መስከረም፡ ነዚ ሎሚ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ሕጋውነት ዘይብሉን፡ ንተሳትፎ ናይ ህዝቢ ዘየፍቅድን፡ ንትርጉም ናይ ባሕቲ መስከረምን ናጽነትን ዘንጊዑ፡ ንፍረ ናጽነትና ንበይኑ ዝበሓተ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ክፍጸም እንርእዮ ዘሎና በደልን ጭቆናን ንምቅዋም ዝተበገሰ ቃልሲ’ዩ። ናጽነት ካብ እተረጋገጸሉ እዋን ኣትሒዙ፡ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ሓይሊ፡ ስልጣን ንኻልኦት ከካፍል ዘይደሊ፤ በይናውን ጨቋንን ፖሊሲታት ብምኽታል ናይ ልምዓትን ርግኣትን ዕድላት ዘምከነ ስርዓት

ኢዩ። ስለ'ዚ ናይ ሎሚ ኤርትራ፡ ብርእይቶ ናይ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ናይ ሓደ ውልቀሰብ ዝወደቐ ሓደ ሰልፊ፡ ወይ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኢሳያስ ዝወደቐ ሰልፊ ህግዲፍ፡ እትምሓደር ሃገር ኰይና ኣላ። እዚ "ፈላሊኻ ግዛእ" ዝብል ፖሊሲታት'ዚ ከኣ'ዩ ንሃገርና ናብ ድኽነት ዘውደቐን፤ ትሕቲ ሃገራዊ ዝኾነ ስምዒታት ብምልዕዓል ንርግኣት ሃገርናን ህዝብናን ንሓደጋ ዘቃልዐን። ቀንዲ ዕማም ናይ'ዚ ስርዓት'ዚ ከኣ፡ ኣብያተ-ማእሰርቲ ምህናጽን፡ መንእሰያት ንባርነት ዝሳጥሕሉ ናይ ኣስገዳድ ዕስክርና መደበራት ምኽፋትን ህዝብና ንሃገሩ ራሕሪሑ ንስደት ከምዘምርሕን ምግባር ኰይኑ ኣሎ። ስለ'ዚ፡ እዚ ስርዓት'ዚ፡ ናይ ውዲት ምፍሓስ ክለሳ-ሓሳብ ኣብ ኣእሙሮኡ ዝሰረጸ፡ ለይቲ ይኹን ቀትሪ ኣብ ሕልሚ ዝነብር ስርዓት ኰይኑ'ዩ ተሪፉ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ዝርከብ ህዝብና ብጥሜት ክሳቐ ይርከብን፣ ኵሉ ናይ ልምዓት ጐደናታት ስለዝተዓጽዎ፡ እንደገና ናብ ጐረባብቲ ሃገራትን ካልኦት ሃገራት ዓለምን ከም ብሓድሽ ክስደድ ይርአ ኣሎ። ከምኡ ውን፡ ቀዋሚ ፖሊሲታት ንምኽታል ዘኽእሉ ሃገራውን ዲሞክራስያውን ትካላት ከይህነጹ ብምኽልካል፤ ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ንዘለዎም ዜጋታት፡ ብዘይካ ኢሳያስን ናይ ጸጥታ መሓውሩን ካልኦት ኣብ ዘይፈልጥዎ ኣብያተ-ማእሰርቲ ክዳጐኖም ይርከብ ኣሎ። ስለ'ዚ፡ ናይ ሎሚ ኤርትራ፡ ብዙሓት ክቡራት ዜጋታት ዝተሓተ ደረጃ ናይ ሰብኣዊ መሰላቶም ኣብ ዘይሕለወሉ፡ እቲ ስርዓት ዝኾነ ይኹን ኣቓልቦ ዘይህበሎም ማእለያ ዘይብሎም ኣብያተ-ማእሰርቲ ተዳጕኖም ዝርከቡላን፣ መንእሰያታ ድማ፡ ኣብ መደበራት ናይ ኣስገዳድ ዕስክርና ተቐሪኖም፡ ናይ ትምህርትን ሰላምን መሰል ተሓሪምዎም ዝነብሩላ ሃገር'ያ ኰይና ዘላ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቲ ስርዓት፡ ንኤርትራ ምስ ኵለን ጐረባብታ ሃገራት ኣብ ውግእ ምንቋት ጥራሕ ዘይኰነስ፤ ኣብ ውሽጣዊ ጕዳያት ናይ ካልኦት ጣልቃ ብምእታው፡ ንሰራዊት ኤርትራ ኣብ ወጥሪ ዘለወን ሃገራት ዞናና ክልእኮም ይርአ ኣሎ።

ውፉይ ህዝቢ ኤርትራ

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ንህዝብና ካብ'ዚ ስቓይ'ዚ ንምንጋፍ ካብ ዘለዎ እምነት ተበጊሱ፡ ሓድነቱን ድሌታቱን ዕግበታቱን ኣተሓባቢሩ ነዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት'ዚ ብጽንዓት ክምክቶ ምኳኑ መብጽዓ ይኣቱ። ኣብ ኵሉ መዳያት ናይ ቃልሲ፡ ብኵሉ ናይ ቃልሲ ኣገባባት፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ክትምክቱን ንተግባራቱ ክትነጽጉን ድማ ጻውዒቱ የቕርብ። በዚ ኣገባብ'ዚ ጥራሕ ከኣ ኢና፡ ንሃገርና ካብ'ቲ ትምርሾ ዘላ መወዳእታ ዘይብሉ ናብ ብርሰት ጐደና ከነድሕናን፤ ነቲ እንምነዮ ዕላማታት ናጽነትን ዲሞክራስን ልምዓትን ፍትሕን ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ከነረጋግጽን፤ ንሃገርና ኤርትራ ኣብ ዞናናን ኣብ ዓለምን ኣብ መስርሕ ዲሞክራስን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ምርግጋጽ ልምዓትን ሰላምን ኣወንታዊ ግደ እትጻወት ተወሳኺት ሃገር ክንገብራን እንኽእል።

ናጻን ዲሞክራስያዊትን ኤርትራ ንዘልኣለም ትንበር!
ሕፍረትን ውድቀትን ንጸላእቲ ኣህዛብን ዲክታቶርያውንን!
ክብርን ዘልኣለማዊ ዝኽርን ንስውኣትና!

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
1 መስከረም 2006

# ስለምንታይ ሃገራዊ ዋዕላ

ብሰንኪ'ቲ ድሕሪ ናጽነት ዝተጋህደ ንትጽቢታት ህዝብና ኣብ ርግኣትን ጸጥታን ዘጸልመተ ፖለቲካዊ ክውንነትን፤ ኣብ መንጐ ህዝቢ ይኹን ተቓወምቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝኾኑ ውድባትን ዝተፈጥረ ናይ ዘይምትእምማን ሃለዋት ንምቕያር፡ ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ካብ 2001 ዓ.ም ኣትሒዙ ንሃገራዊ ዋዕላ ክጽውዕ ጀመረ። ውድባት ኤርትራ፡ ብዛዕባ ዕላማታትን ኣገባብን ሃገራዊ ዋዕላ ኣብ ናይ ሓባር ርእይቶ ክበጽሑ ኣድላዪነቱ ዕዙዝ ስለዝነበረ፡ እቲ ስምምዕ ክሳዕ ዝፍጠር ዋዕላ ክዳናጐ ግድን ኰነ። ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ እናሰፍሐ ድሕሪ ምኻዱን፡ ካብ ምሕዝነት ውጻኢ ዝነበሩ ውድባት ኣብ'ቲ ጽላል ክኣትዉ ድሕሪ ምጅማሮምን፤ ብመሰረት'ቲ ኣብ ዕላማታትን ኣገባብን ሃገራዊ ዋዕላን እተጠርየ ሓባራዊ ስምምዕ፤ ብዛዕባ መጻኢ ዕድል ህዝቢ ኤርትራን" ብዛዕባ ዲሞክራስያዊ ለውጥን፡ ብዛዕባ መሰረታዊ ናጽነታትን ሰብኣዊ መሰላትን ደቂ ሰብ ዝኽበረሉን ቅዋማዊ መንግስቲ ምርግጋጽን ዝዝቲ ዝሰፍሐ ክፍልታት ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዝሳተፎ ዋዕላ ንምድላው ተበግሶ ተወሲዱ ኣሎ።

ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፡ ብዛዕባ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዘለዕልኦ ጭርሖታት ኣብ ግብሪ ከውዕልኦ ዶ'እምበር ኢየን ዝብል ሕቶታት ኣብ ዘልዓዓለሉ፥ ህዝብና ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ክኾንን ኣብ ዝጀመረሉ፥ ነቲ ኣብ መንጐ ክፍልታት ህዝቢ ኤርትራ ተፈጢሩ ዘሎ ፍልልያት ንምፍታሕ ብዛዕባ ዘሎ ዓቕምታትን ብቕዓታትን ጠርጠራ ኣብ ዝሰፈነሉ፥ ኣብ ልዕሊ'ቲ ስርዓት ዝምርኰሰሉ ናይ ሓደራን ልዕለ ቅርጻን ፍልስፍና ፍልልይ ኣብ ዝነገሰሉ ኩነታት ብሓደ ሸነኽ፤ ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ኣብ መንጐ ዝተፈላለየ ክፍልታት ህዝብና ዘስረጾ ናይ ዘይምትእምማን ሃለዋት ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ኣብ ዝበጽሓሉ ኩነታት ብኻልእ ሸነኽ፡ ኢዩ ጻውዒት ናይ ሃገራዊ ዋዕላ ዝግበር ዘሎ።

እዚ ኩሉ ሓቅታት እምበኣር፡ ምትእምማን ሕድርን፡ ሕድገታትን ሓቢርካ ብሰላም ናይ ምንባር ድሌታትን ዘስፍንን፡ ግርጭታት ሕብረተሰብና ካብ ቊጽጽርና ወጻኢ ከይከይድ ምጥንቃቕን፤ ኣብ መንጐ መሰላትን ግቡኣትን ሚዛን ምሕላውን ዘረጋግጽ ናይ ህዱእ ልዝብ መድረኽ ምኽፋት ይሓትት።

ኣብ'ዚ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣገዳሲ ታሪኻዊ መቓይሮ'ዚ፡ ኤርትራውያን ምሁራትን፥ ማሕበራውን ሃይማኖታውን መራሕትን፥ ፖለቲካዊ ውድባትን፥ ሲቪላዊ ማሕበራትን ብመንጽር'ቲ ንሓድነት ህዝብና ዘንጸላልዎ ዘሎ ሓደጋታት ንኹሉ መድረኻት ናይ ሃገራዊ ተጋድሎና ብነቓፌታውን ሓላፍነታውን ዓይኒ ክግምግምዎ ይግባእ።

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ባህላውን ሃይማኖታውን ብዙሕነት፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝርከብ ባህርያዊ ጕዳይ ኢዩ። ብዘይ ልዝብ ድማ፡ ኣብ መንጐ'ዚ ክፍልታት'ዚ ዘሎ ፍልልያት ክእለ ከምዘይከኣል ርዱእ ኢዩ። ምኽንያቱ ከኣ፡ ጨቆንቲ ገዛእቲ ይኹኑ ንዕኦም ተኪኦም ዝመጹ ካልኦት ጸላእቲ ህዝቢ፡ ነቲ ጸቢብ ፍልልያት እናመዝመዙ ኢዮም ረብሓታቶም ዘረጋግጹን ንኹሉ ብዘይ ኣፈላላይ ዝጭቊኑን። ነዚ ብዙሕነት'ዚ ብምጽራርን ብምኽሓድን ከረጋገጽ ዝኽእል ስኒት የለን። እቲ ዝግባእ፡ ብህላወ ናይ'ዚ ብዙሕነት'ዚ ኣሚንካ፡ ኣብ ሕድሕዱ ተማላሊኡ ክነብር ዝኽእል መፍትሒታት ምንዳይ ጥራሕ ኢዩ።

# ግቡእ ቆላሕታ ዘይረኸበ፤ ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት

ስደት ውጽኢት ዘይቅሳነትን ቅልውላውን እምበር ናይ ሰላምን ምርግጋእን መርኣያ ከም ዘይኮነ ንኹላትና ንጹር እዩ ዝብል እምነትን ግምትን ኣለና። እዚ ዘይርጉእ ኩነታት ዝፈጠሮ ስደት ካብ ዝዝውተር ብደረጃ ዓለም ኮነ ብደረጃ ሃገርና ነዊሕ እዋን ኮይኑ እዩ። ሎሚ ኣብዚ ንርከበሉ ዘልና መዋእል እውን ጉዳይ ስደተኛታት ንዓለምና ኣጸጊምዋ ካብ ዘሎ ዓበይቲ ጉዳያት ሓደ እዩ። እዚ ክንብል እንከለና እቲ ካብ ጠንቅታት ስደት ብመጀመሪያ ደረጃ ዝስራዕ ዘይርጉእ ኩነታትን ዘይውሑስ ሰላምን ኣብ ኩሉ ኩርነዓት ዓ ለም እናወሰኸ ይኸይድ ኣሎ ማለት እዩ።

ኣብ ኤርትራ ካብ ነዊሕ ግዜ ጀሚሩ ዝተፈጠረ ስደትን ውሽጣዊ ዘይምርግጋእን እውን ብቐንዱ ኣብ ሃገርካ ሰላምን ቅሳነትን ክትረክብ ካብ ዘይ ምኽኣል ዝነቅል እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ ናይ ዝኾነት ሃገር ዜጋ ንላዕሊ ሃገሩ ዝፈቱ ክነሱ ክስገር ዘይከኣል ኩነታት ስለ ዘገደዶ ምስዳድ ካብ ዝጀምር ነዊሕ ግዜ ኮይኑ እዩ። ዕድመ ስደት ኣብ ኤርትራ ምስ ዕድመ ቃልሲ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነትን ህዝባዊ ሓርነትን ዝዳረግ እዩ ምባል ይከኣል። ህዝብና እምቢ ንናጽነተይን ልኡላውነተይን ስለ ዝበለ በቶም ኣብ ነጻነት ኤርትራ ረብሓ ዘይነበሮም መግዛእታዊ ሓይልታት ክቕተልን ክምቋሕን ምስ ጀመረ ካልእ መተካእታ ስለ ዘይነበሮ ከከም ኩነታቱ ናብ ርሑቕን ቀረባን ክስደድ ጀሚሩ። ናይ ህዝብና ስደት ህይወትካ ኣድሒንካ መዋእልካ ንምንዋሕ ዝዕላምኡ ኣይነበረን። ብኣንጻሩ ካብ ኤርትራ ወጺእካ ናይ ቃልሲ ኩነታት ናይ ምጥጣሕ ዕላማ እውን ነይርዎ። ኣብ ናይ ቃልሲ መዋእልና ኣብ ፈቐዶ ናይ ስደት ቦታ ዝነብር ኤርትራዊ ዝገበሮ ኣስተዋጽኦ ድማ ናይ ምስዳዱ መሰረታዊ ዕላማ እንታይ ከም ዝነበረ ዘረድእ እዩ።

ናይ ስደት ጠንቅታት መብዛሕትኡ መግዛእቲ ዘንቅሎ ሰላምን ቅሳነትን ዘይምርካብ ምኽኒ ፍሉጥ ካብ ኮነ፡ ዜጋታት ካብ ስደት ዝምለሱ ድማ እዚ ንክስደዱ ጠንቂ ዝኾነ ነገራት ምስተወገደ ጥራይ ምኽኑ ካልእ ግንዛበ ክረክብ ዝግበኦ ቁምነገር እዩ። ኤርትራ ነጻነታ ምስ ዓ ተረት ካብቲ ዝለዓለ ትጽቢት ተገይርሉ ዝነበረ ህጹጽ ኣጀንዳ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ምምላስ እዩ። እዚ ናይቶም መሬት ዓዶም ክረግጹ ሃንቀው ዝብሉ ዝነበሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት ጥራይ ዘይኮነ መላእ ማሕበረሰብ ዓለም እውን ዝለዓለ ትጽቢት ዝገበረሉ ጉዳይ እዩ ነይሩ። ብተግባር ግና ስርዓት ህግዲፍ ብኹሉ መለክዒታት ስድተኛታት ናብ ዓዶም ክምለሱ ዝዕድም መንፈስ ኣይነበሮ። ምናልባት እውን ነዚ ብዝምልከት ሓላፊ ዝሰርዖም ዝነበረ መደባት ንሃንቀውታ ኣብ ስደት ዝነበረ ህዝብና ኣብ ግምት ዘእትዉ ዘይኮኑስ ከምቲ ልማዱ ነዚ ምኽንያት ገይሩ ናይ ገንዘብ ኣታዊ ንክረክብ ዘጣጥሑ እዮም ነይሮም። ካብዚ ሓሊፉ እቲ ስርዓት ናይቲ ኣብ ስደት ዝነብር ህዝብና ፖለቲካዊ ተባላሕትነትን ናይ ሓርነት ጽምእን ይፈልጥ ስለ ዝነበረ ነቲ ስደትኛ ናብ ዓዲ ኣእቲኻ ካብ ቃልሲ ምብኳሩ እውን ካልእ ምኽንያት ናይ ሽፈጡ እዩ ነይሩ። እዚ ከም ዛንታ ዝንገር ዘይኮነስ በቶም ናብ ዓ ዲ ምስተመለሱ እንደገና ምስ ሓሰሞም ናብ ስደት ዘቕንዑ ኤርትራውያን ተረጋጊጹ እዩ። በዚ ተበላጺ ባህሪኡ ድማ እቲ ስርዓ ት ኣብ ቅድሚ ማሕበረሰብ ዓለም እውን ዝተቓለዓሉ ተረኽቦ እዩ ነይሩ። ኮታ ብመጀመርያ ደረጃ ፍሽለት ናይቲ ስርዓት ብተግባር ካብ ዝተረጋገጸሎም ኣጋጣሚታት እዚ ንጉዳይ ስድተኛታት ብዝምልከት ዝወሰዶ ስጉምቲ ናይ መጀመሪያ ደረጃ ዝሕዝ እዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

ናይቲ ስርዓት ሓጥያት ነቶም ኣብ ናብራ ስደት ዝያዳ 30 ዓመታት ኣብ ወጻኢ

ዝጸንሑ ዝምለስሉ ኩነታት ዘይምፍጣር ጥራይ ኣይነበረን። ሓደስቲ ስደተኛታት ካብ ዓዲ ንኸሰዱ እውን ጠንቂ ኮይኑ። ኣብ ዝተወሰነ እዋን እዚ ስርዓት ከምቲ ኣመሉ ነቲ ሓቀኛ እሞ ሕሱም ባህሪኡ ሓቢኡ ኣብ ኤርትራ ስደተኛታት ንክምለሱ ጥጡሕ ኩነታት ከም ዘሎ ኣምሲሉ ከቕርብ ፈቲኑ ነይሩ እዩ። ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ግና እቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝነብር ህዝቢ ካብ ናይ መግዛእቲ ግዜ ብዘይፍለ ዋሕዚ ናብራ ሓሲምዎ ደፊኡ ክስደድ ምስ ጀመረ ብኸንድኡ ደረጃ ድማ ናይቲ ስርዓት ናብ ዓድኻ ዘየምልስ ተግባራት ተቓሊዑ። ወዮም ናብራ ስደት መሪርዎም ናብ ዓዶም ክምለሱ እሞ እቲ ኹሉ ናይ ጸላኢ ግፍዒ ተጻዊሩ ካብ ዓዱ ዘይተሰደ ቤተሰቦም ክቕበሎም ሃንቀው ዝብሉ ዝነበሩ ነባራት ስደተትኛታት "...ኮር ተገልበጥ..." ኮይኑ ኣብቲ ቦታ ስደቶም ናይ ሓዲሽ ስደተኛ ተቐበልቲ ጋሻ ክኾኑ ተገዲዶም። እዚ ኣብቲ ናይ ቀደም ስደተኛ ዘሕደሮ ተስፋ ምቁራጽ ክሳብ ክንደይ ከም ዝነበረ ድማ ምግማቱ ዘጸግም ኣይኮነን። ሎሚ ብዙሓት ነቲ ኩነታት ብቐረባ ዝከታተሉ ከም ዝሰማምዕሉ ቁጽሪ ስደተኛታት ድሕሪ ነጻነት ካብቶም ናይ ቅድሚ ነጻነት ስደተኛታት ዝለዓለ እዩ። ካብቲ ስደተኛ እቲ ዝበዝሐ መንእሰይ ምዃኑ ድማ ነቲ ክስዕብ ዝኽእል ሓደጋ የግድዶ።

እዚ ጉዳይ ብቐጥታ ዝምልከቶ ዓለም ለኻዊ ትካል ላዕለዋይ ኮምሽን ጉዳይ ስደተኛታት ንነጻነት ኤርትራ ናይ ማዕዶ ትርጉም ብምሃብን ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍጸም ዝነበረን ዘሎን ግፍዕታት ጋሊሁ ከይረኣየን ኤርትራውያን ናብ ዓዶም ክምለሱ ወሲኑ ከም ዝነበረ ዝፍለጥ እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ኤርትራውያን በቲ ሓደ ወገን ኣብ ኤርትራ ዝነበረን ዘሎን ጋሻ ዘይቕበል ጸይቂ ምምሕዳር ስርዓት ህግዲፍ በቲ ካልእ ወገን ድማ በቲ ንኩነታት ብግቡእ ዘየገናዘበ ውሳነ እዚ ዓለም ለኻዊ ትካል ተቐርቂሩ ኣደዳ ስቓይ ኮይኑ እዩ። እዚ ስቓዩ እዚ ሕጂ እውን ጌና ሰማዒ እዝኒ ኣይረኸበን። በዚ ኣጋጣሚ ድማ ላዕለዋይ ኮምሽን ጉዳይ ስደተኛታት ንቓርተኑ ኣጽኒዑ ብምሓዝ፣ ብቅጥፈት ስርዓት ህግዲፍ ከይተዓሸወ፣ ተባዕ ዳግመ ርኢቶ ብምክያድ መሰል ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ዘለዉዎ ክሕልው ተሪር ለበዋና ነቕርብ። በዚ ኣጋጣሚ ስደት ኤርትራውያን ብካብ ኤርትራ ወጻኢ ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ኤርትራውያን ጥራይ ዝግለጽ ዘይኮነስ እቶም ብሰንኪ ተናኻሲ ተግባራት ስርዓት ህግዲፍ ውግእ ምስ ጐረባብቲ ምስ ተባርዔ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ተመዛቢሎም ዘለዉ እውን ክርስዑ ኣይግበኦምን።

እዚ ክበሃል እንከሎ እምበኣር ከም ኣብ ኩሉ መዳያት ተረኺቦ ጉዳይ ስደተኛታት እውን መሰረታዊ ፍታሕ ዝረክብ ብኤርትራውያን እምበር ብናይ ግዳም ሓይልታት ኣይኮነን። እቲ ፍታሕ ድማ ብዙሕ መልክዓት ክህልዎ ከምዝኽእል ብሩህ ኮይኑ ብቐንዱ ግና ምስ ምውጋድ እቲ ጠንቂ ስደት ዝኾነ ስርዓት ዝተሓሓዘ እዩ ዝኸውን። እቲ ካልእ ፍታሕ ካብቲ ስደተኛ ዝብል ቅጽል ክይወጻእካ ዝግበር መቃነዪ ጽገናታት ጥራይ እዩ ዝኸውን። ስለዚ ንሕና ኤርትራውያን ቀዳማይ ቆላሕታና ናብራ ስደት ምጽብባቕ ዘይኮነስ ንጠንቂ ስደት ምውጋድ ክኸውን ይግበኦ። ብፍላይ ድማ ኣብዚ "... ብሩህ ተስፋ ንስደተኛታት..." ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ዝዝከር ዘሎ ዓለምለኻዊ ቅነ ስደተኛታት ኮይና ነዚ ንምፍጻም ቃል ክንኣትው ይግበኣና። ሎሚ ኣብ ኤርትራዊ ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ኣብቲ መንእሰይ ዝርኤ ዘሎ ንናብራ ስደት ከም ውሁብን ክልወጥ ዘይክእልን ጉዳይ ወሲድካ ናይ ቃልሲ ንያትካ ኣዕሪብካ ናይ ስደት ሃገር ከተማርጽ ምውዓል ኣዝዩ ሓደገኛ ዝንባለ እዩ። እዚ ድማ ምስቲ ስርዓት ህግዲፍ ንሕልና ህዝብና ኣዳኺሙ ንኤርትራ ከም ናቱ ፍልይቲ ህያብ ወሲዱ ክድህካ ዘውጽኦ ዘሎ ናይ ብርሰት ትልምታት ዝሰማማዕ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ኣብ ናይቲ ስርዓት መጻወዲያ ምእታው እውን እዩ። ስለዚ ኣብዚ ኣጋጣሚ እቶም ኣብ ስደት ዘለዉ ኮነ ጌና ናብ ስደት ዝወጣወጡ ዘለዉ ኤርትራውያን ንጠንቂ ስደት ካብ ሱሩ ንምምሓው ቅርብነቶም ከረጋግጹ ይግበኦም።

# ኣብ እንዳ ህግዲፍ ዘይተነግረ እምበር ዘይተፈጸመ ገበን የለን

ሎሚ ስርዓት ህግዲፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ይፍጽሞ ብዛዕባ ዘሎ ገበናት ኣይኮነንዶ ንህዝቢ ኤርትራስ ንግሕበረሰብ ዓለም እውን ዝተባህለ ካብ ምድጋም ሓሊፉ ሓድሽ መልእኽቲ ዘመሓላልፍ ኣይኮነን። ምናልባት ግና ኣብቲ ዝርዝር ትሕዝቶ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝፍጸም ገበን ፍልልያት ክህልዎ ይኽእል እሞ '...ከምዚ ኮነ..." ክበሃል እንከሎ መሊሱ ይሕደሰካን ክትዛረበሉ ትግደድን። ካብኡ ሓሊፉ እቲ ስርዓት መንእሰያት ገፊፉ፡ ዜጋታት ኣሲሩ፡ ንብረት ህዝቢ ዘሚቱ፡ ንመንእሰያት ብዘይ ክፍሊት ኣስሪሑ፡ ብዙሓት መንእሰያት ካብ'ቲ መከራ ንምድሓን ስደት መሪጾም...ወዘተ ክበሃል እንከሎ ኣማን ብኣማን ሓዲሽ ተረኽቦ ኣይኮነን። እዚ ክበሃል እንከሎ ግና ስለ ዝለመድካዮስ ዝኾነ ነገር ከም ዘይተፈጸመ ምሉእ ብምሉእ ሸለል ትብሎ ማለት ኣይኮነን።

እቲ ከም ሳዕቤን ናይዚ ኣቐዲሙ ዝተፈጸመ ገበናት ዝርኤ ምዕባለ ግና ኣዛራቢ ይኸውን። ንኣብነት መንእሰያት ካብ'ቲ ብሰንኪ ስርዓት ህግዲፍ ዝወርዶም በደል ንምድሓን ካልእ መማረጺ ምስ ሰኣኑ ሃጽ ኢሎም ተሰዲዶም ዝብል ዜና ምስማዕ ሓድሽ ኣይኮነን። እቲ ዝርዝር ትሕዝቶ ናይቲ ስደትን ከም ሳዕቤኑ ዘጋጥም ሓደጋታትን ግና ዘየዛርብ ኣይኮነን። ንኣብነት ካብዚ ዝሓለፈ ቀረባ ሰሙናት ጀሚሩ ስርዓት ህግዲፍ ደቆም ኣብ ጉዕዞ ስደት ዝሞቱዎም ኤርትራውያን ስድራቤታት ናይ ሓዘን ስነ-ሰርዓት ከይፍጽሙ ዝኸልክል መምርሒ ኣውጺኡ ኣሎ። ነዚ ዝጠሓሰ ስድራቤት ድማ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ኣለዎ። በዚ ዓግኢ ሕጊ መሰረት፡ እቲ ዝቕጻዕ እቲ ውላደይ ሞይቱኒ ኢሉ ዝሓዘነ ጥራይ ዘይኮነስ እቲ ናይቲ መንእሰይ ሞት ዝመልክት መርድእ ዘምጸአ ኣካል እውን ቀንዲ ተቐጻዓይ እዩ። ዓቐን ናይቲ መቕጻዕቲ ድማ ብውሕዱ ካብ 50 ሺሕ ናቕፋ ንታሕቲ ከም ዘይከውን ፍሉጥ እዩ።

ኣብዚ እቶም ምስ ሞቱ እንተ ተሓዚንሎም ዝቕጽዑ እቶም ካብ ኤርትራ ብወገን ሱዳን ሊቢያን ኣቢሎም ናብ ኤውሮጳ ክሰግሩ ኣብ ባሕሪ መዲትራኒያን ዝጥሕሉ መንእሰያት ጥራይ ኣይኮኑን። ካብ'ቶም ብጉልባ ርእሰ-ምርኮሳ ኣብ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ኣብ ናይ ባርነት ኣርዑት ተጸሚዶም እንከለዉ እንተ ሞይቶም እሞ ብዘይ ኣፍልጦ ናይ ስርሒት ኣዘዝቲ ዝበሃሉ ብደም መንእሰያት ኤርትራ ከብዶምን ካዝነኦምን ዘርጎዱ ሰሚዑ ዝሓዘነ ወላዲ እውን ተሓታቲ እዩ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ብሕቡእ ጠፊእካ ስርዓት-ቀብሪ ዘይግበረሉ ካልእ ናይ ሞት ቦታ እውን ኣሎ። ኣብ ፈቐዶ ስዉር ኣብያተ-ማእሰርቲ ብከቢድ ምርመራን ስእነት መሰረታዊ ህክምናን መግብን ዝረገፉ ኤርትራውያን መንእሰያት እውን ብዙሓት እዮም። ናይዚኣቶም ቀብርን ሓዘንን ምግባር እውን ብስርዓት እንዳ ህግዲፍ ክልኩልን ተመሊሱ ዝቕጽዕን እዩ። ነዚ ተረኽቦ እዚ ብዙሓት ተዓዘብቲ ምስቲ ኣብ ግዜ ስርዓት ደርግ ኣብ ኢትዮጵያ መንእሰያት ምጉልባብ ቀይሕ ራዕዲ ምስተቐተሉ ኣዴታቶም ነቲ ሬሳ ውላደን እናረኣያ ክስሕቃ ይግደዳ ነይረን ዝበሃል የዛምድዎ።ናብ ተመኩሮ ስርዓት ህግዲፍ እንተመጻእና እውን ድሕሪ እቲ ምስ ኢዮጵያ ዘካየድዎ ትርጉም-ኣልቦ ውግእ ናይ ዝሞቱ መንእሰያት መርድእ ክንገር እንከሎ "*...ኤርትራውያን ኣዴታት ነቲ መርድእ ናይ ደቀን ብዕልልታ ተቐቢለንኦ...*" ኢሎም ከውርዩ ፈቲኖምስ ነጻ ጋዜተኛታት ግና ነቲ ኩነታት ካብቲ ናይ መርድእ ኣዳራሻት ብብርቱዕ ናይ ኣዴታት ብኽያትን ኣውያትን ኣሰንዮም ሪፖርት ምስ ኣቕረቡ ከም ዝኣሰርዎም ዝፍለጥ እዩ። በዚ ዝተኣስሩ ንናይ መጻኢ ሚድያታት ዝሰርሑ ዝነበሩ ኤርትራውያን ጋዜጠኛታት

ድማ ክሳብ ሕጂ ኣይተፈትሑን።

ኣብዚ ክልተ ኣገደስቲ እሞ ድማ ዘሕዝኑ ጉዳያት ነስተውዕል። እቲ ሓደ ኤርትራውያን ወለዲ ብደቆም ናይ ምጥዋር መሰሎም ጥራይ ዘይኮነስ ብሞት ደቆም ሓዘኖም ናይ ምግላጽ ባህላዊ መሰሎም እውን ይገፈፍ ምህላዉ። እቲ ካለኣይ ድማ ስርዓት ህግዲፍ ነዞም መንእሰያት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ እንከለዉ ብጉልበት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ምስ ሃደሙን ምስ ሞቱን እውን ደድሕሪኦም እናሰዓበ ናብ ናቕፋ ኣሽሪፉ ዝምዝምዞም ምህላዉ እዩ። ኩልና ከም ዝተኸታተልናዮ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰነ 2006 ጥራይ ካብ 20 ዘይውሕዱ ኣብ ከባቢ 20 ዓመት ዝዕድሚኦም ኤርትራውያን ዕሸላት ኣብ ባሕሪ መዲተራንያን ብናይ ማዕበል ሓደጋ ሞይቶም እዮም። እዞም መንእሰያት እዚኣቶም ከምቲ "...እንተ ዘይትደፋኣኒ መን መጽደፈኒ..." ዝበሃል ምስላ ወለዲ፡ ብሰንኪ ስርዓት ህግዲፍ ብሰላም ምስ ስድራቤቶም ትምህርቶም ናይ ምክትታል መሰል እንተዘይንፈጎም ኣይመተሰደዱን። ግዳይ ሳዕቤናት ስደት ድማ ኣይመኾኑን። እቲ ዘሕዝን እምበኣር ስርዓት ህግዲፍ ብህይወት እዞም መንእሰያት ተሓታቲ ክነሱ ካብቲ ምስ ምግቶም ዝተተሓሓዘ ሓዘን ገንዘብ ዝምንዝዕ ምኺኑ እዩ። እዚ እናረኣየ እሞ ምሉእ ጥዓና ዘለዎ ኤርትራዊ ወገን ኣንጻር እቲ ስርዓት ብውሕዱ "...ኤህ..." ኢሉ ዘይራገም ከምዘይህሉ ርግጸኛታት ኢና። ስለምንታይ እዚ ስርዓት ህግዲፍ ተተሓሒዝዎ ዘሎ በደለኛ ኣከያይዳ ክሳብ ዝቕጽለ፡ እቲ ግናይ ተግባራቱ ኣብ ውሱን ከባቢ ተደሪቱ ዝተርፍ ዘይኮነስ ስላሕ እናበለ ማዕጾ እንዳ ኩሉ ኤርትራዊ ዝኩሕኩሕ እዩ። እቲ ናይ'ዞም ክሳብ ሕጂ ሞይቶም ዘለዉ ኤርትራውያን መንእሰያት ሓዘን እውን ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ሓዘን እዩ። ኣብ'ዚ ግና ኣብ ተመኩሮ ከም ዘረጋገጽናዮ ካብ መዓት ስርዓት ህግዲፍ ንምንጋፍ መርገም ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ህግዲፍ ናይ ህዝቢ ስምዒታት ኣብ ግምት ከየእተወ በቲ ጀሚርዎ ዘሎ ኣዕናዊ ጕደና ክቕጽል ዓይኑ ብጨው ተሓጺቡ ዝወሰነ ፈውሲ ሕንኪ ዝበለዐ ስርዓት እዩ። እቲ ስርዓት ነዚ ናይ ደልሃመት መንገዲ እዚ ንክመርጽ ካብ ዝደረኾዎ ብዙሓት ምኽንያታት እቲ ቀንዲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ሕዱር ንዕቀትን ብደዐን እዩ። ስለ'ዚ ከም'ቲ ወለድና "...ተመን ኣብ እግድርኻ በትሪ ኣብ ኢድካ..." ዝብልዎ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ዝንዕቑ ጉጅለ ኢሳያስ ዋግኡ ክኸፍሎ ይግባእ። ወግዓዊ ሓዘን ምስ ተኸላእካ ወይ ሕጊ ህግዲፍ ጥሒስካ ናቕፋ ምኽፋል ወይ ተሓቢእካ ምብካይ ግና መፍትሒ ኣይኮነን። ንህይወት ናይቶም ዝተረፉ ውላድካ ዘድሕን'ውን ኣይኮነን። ስለዚ ኢና ድማ ስርዓት ህግዲፍ ክሳብ ዘሎ እቲ ናይ ጥፍኣት መንገድታት ብዙሕ እዩ ንብል። ብመንጽር'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ እንተተሓጕሰ ኣብ ዘይስሕቀላ እንተሓዘነ ድማ ኣብ ዘይሓዝነላ ኤርትራ እዩ ዝነብር ዘሎ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ኢና ድማ እቲ ፍታሕ ነቲ ናይ ኩሉ ጸገማት ጠንቂ ዝኾነ ስርዓት ምውጋድ ጥራይን ጥራይን እዩ ዝኸውን እንብል።

ስርዓት ህግዲፍ ብናቱ ወለንታ ብዘይ ኣፍልጦ ህዝቢ ብዘጽደቖ ሕጊ ኣቢሉ መንእሰያት ብምጉራት ክሳብ መበል 19 ዙርያ በጺሑ፡ ሕጂ እውን እነሆ ንመበል 20 ዙርያ ይቀራረብ ኣሎ። እዚ ናይ ሕጂ ሓዲሽ ናይ ግፋ ወፈራ ካብ ዓድታት ርሒቖም ኣብ ዝነብሩ ጓሶት ዘተኮረ ከም ዝኾነ ድማ ይንገር። እዚ ዘረድኦ ቁምነገር ብመጀመሪያ ነቲ ከተማታት ከም ዘጽሃዶ እዩ። በቲ ካልእ ወገን ድማ ስርዓት ህግድፍ ካብ ዝሓለፈ ተመኩሮኡ ከይተማህረ በቲ ዝጀመሮ መንገዲ ጥፍኣት ክቕጽል ምውሳኑ የረድእ። እምበኣር ድሕሪ ጭካነ እቲ ስርዓት እናገደደ እምበር እናሓሸ ከም ዘይከይድ ምርዳእ እቲ ዝተርፍ ዕማም ናይ ህዝቢ እዩ። ንሱ ድማ ናይ ኩሉ ጸገማቱ መበቆል ዝኾነ ጉጅለ ምሒኻ ምድርባይ እዩ። እዚ ተዘይ ተገይሩ ግና እቲ ስርዓት ህግዲፍ ኣብ ሶማልን ካልእ ከባብታትን ዝውለዖ ዘሎ ናይ ውግእ ጋህሲ ደቂ መን ክበልዕ ምኺኑ ምስትውዓል የድሊ ዝብል መልእኽትና ነመሓላልፍ።

# ብወረቐት ናይ ተቃወምቲ ምጽዋት ዝለመደ ስርዓት

ኣብ ዝሓለፈ እዋን ማዕከናት ዜና፡ ዑደት ርእሰ ስርዓት ኤርትራ ናብ ሱዳን እናተቐባበላ ከምጽኦኦ ጸኒሐን። ከም ኤርትራውያን መጠን፡ ነቲ ዜናታት ብተገዳስነት ክንከታተሎ ጸኒሕና። ምኽንያቱ እዚ ዑደት'ዚ ድሕሪ ምብታኽ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ኣብ 5 ዓመቱ ስለዝመጸ ኢዩ። ከምኡ'ውን፡ እዚ ዑደት'ዚ፡ ድሕሪ ዑደት ምክትል ፕረሲደንት ሱዳን፡ ዓሊ ዑስማን መሓመድ ጣሃ፡ ናብ ኤርትራ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ስለዝመጸ ኢዩ። እቲ ዘገርም ከኣ እቲ ርእሰ ስርዓት ካብቲ ኣብ መደረኡ ዘቕረቦ ቃል፡ ንልኡኽ ሱዳን ከይጠቐሰ ምሕላፉ እዩ። እዚ ዑደት'ዚ፡ ንናይ ወጻኢ ስዉር ኣጀንዳታት ምትግባር ስለዝኾነ፡ ቅኑዕ ስጉምቲ ናብ ቅኑዕ መንገዲ ከምዘይኮነ ውን ከሎ ጌና እናፈለጥናዮ ዝመጸና ጉዳይ ኢዩ። ስርዓት ኤርትራ ኣብ 1994 ዝምድናኡ ምስ ሱዳን ዝበተኾሉ ምኽንያት ንናይ ወጻኢ ኣጀንዳ ንምፍጻም ስለእተበገሰ'ዩ ነይሩ። እዚ ምኽንያት ድማ ክሳብ ሎሚ ኣባላት ስርዓት ህግደፍ ከም መርገጺኦም ሒዞሞ ከኳማስዕዎ ይስምዑ ኢዮም።

ኤርትራ ናጽነታ ካብ ዝወሰደትሉ ግዜ ጀሚራ፡ ምስ ሱዳን ዝነበራ ሕማቕ ዝምድናታት ዝራኣየ ተዓዛቢ ካብ ዑደት ኢሳያስ ኣወንታ ክጽበ ኣይክእልን ኢዩ። ካብ ሰናይ ድልየት ከም ዘይተበገሰ'ውን ፍሉጥ ኢዩ። ከምኡ'ውን እቲ ዑደት ብናቱ ድልየትን ተበግሶን ከምዘይመጸ ዘይስሓት ነገር እዩ። እንታይ ደኣ እቲ ዑደት ብድልየት ናይቶም ጥቕምታቶም ኣብቲ ዞባ ንኽሕለወሎም ዝደልዩ ሓይልታት ዝተተለመ ኮይኑ፥ ዕላማኡ ድማ፡ ፖለቲካዊ ኩነታት ናይቲ ዞባ፡ ብፍላይ ድማ ናይ ሱዳን ከይተረጋግአ ንኽቕጽልን፤ ከምኡ'ውን ነቶም እንዳሓየሉ ዝመጹ ዘለው ኤርትራውያን ተቓወምቲ ሓይልታት፡ ካብ ሱዳን ንኽስጉጉሉን ጸቕጥታት ንምግባር ኢዩ።

እቲ እውጅ ብጽሖት ኢሳያስ ናብ ሱዳን፡ ንመንግስትን ተቓወምትን ሱዳን ንምዕራቕ ክኸውን እንከሎ፤ እቲ ሕቡእ ኣጀንድኡ ግን፡ ንተቓወምቲ ኤርትራ ንምስጓግን፤ ንዝምድና ክልቲኤን ሃገራት ብምምላስ፡ ካብ ኣትይዎ ዘሎ ቁጠባዊ ቅልውላዋት ንምውጻእን እዩ። ስርዓት ኢሰያስ፡ ምስ ነብሱ ኣብ ግርጭት ኢዩ ዝነብር ዘሎ። ብሓደ ሸነኽ፡ ነቶም ኣብ ሱዳን ዲሞክራሲ ክሰፍን፡ ስልጣንን ሃብትን ብፍትሒ ክከፋፈል ዝጠልቡ ተቓወምቲ ሓይልታት ሱዳን ይድግፍ፤ ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ንኤርትራ ናብ መሰል ወዲ ሰብ ዘይኽበረላ ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ቀይሩ፡ ንዲሞክራሲ ክጻረርን ንኣህጉራዊ ውዕላት ክጥሕስን ይርከብ።

ብጽሖት ኢሳያስ ናብ ሱዳን፡ መንግስቲ ሱዳንን ተቓወምቱን፡ ንሽግራቶም ብልዝብ ክፈትሑ ኣብ ዝጀመርሉን፤ መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነት ኣብ ዝመስረትሉን እዋን'ዩ መጺኡ። ዕላማኡ ከኣ፡ ኣምሳያ ናይ'ቲ ንተቓወምቲ ውድባት ዝገበሮ ደገፋት ንምርካብ ምዃኑ ርዱእ ኢዩ።

ፍታሕ ምብራቕ ሱዳን ኣብ ኢድ ደቂ እታ ሃገር ደኣምበር፤ ኣብ ኢድ ኢሳያስን ስርዓቱን ኣይኮነን ዘሎ። ምኽንያቱ ከኣ፡ መንግስትን ተቓወምቲ ሓይልታትን ሱዳን፡ ሽግሮም ብሰላማዊ ብልዝብ ጥራሕ'ዩ ፍታሕ ክረክብ ዝኽእል ኣብ ዝበል ዕግበት ስለዝበጽሑ ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ኢሳያስ ፈትዩ ጸሊኡ፡ ጉዳይ ምብራቕ ሱዳን ውን፡
ምፍትሑ ኣይተርፎን ኢዩ። ተራ ናይ ኢሳያስ ኣብ ምፍታሕ ናይ'ዚ ሽግር'ዚ፡ ብዙሕ ኣገዳስነት ዘለዎ ኣይኮነን። ኢሳያስ ኣብዚ ጉዳይ ተራ እንተደሃልይዎ፡ ናይ ግርጭት ምብላሕ ጥራሕ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል። ዝሓለፈ 10 ዓመታት ከኣ፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ኢዩ ዘረጋግጽ። ስርዓት ኣስመራ፡ ነቶም ንስምምዕ ኣቡጃ ነጽጎም ብግንባር ድሕነት ሱዳን ዝፍለጥ ጽኣል ዝመስረተኦ ሰለስተ ውድባት ምሕቋፉ ድማ፡ ነዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ሓቅታት ዘረጋግጽ ጭቡጥ ምስክርነት ኢዩ። እዚ ከይኣክል፡ ኣብ መንጎ መንግስትን ግንባር ምብራቕን ሱዳን፡ ኣብ ኣስመራ ልዝብ እናተኻየደ እንከሎ፥ ነዞም ተቓወምቲ ሓይልታት እዚኣቶም፡ ወተሃደራዊ ሓገዛት

ብምሃብ ኣብ ልዕሊ "ሕምረት ኣልሼኽ" እተባህለት ከተማ መጥቃዕትታት ካካይድ ምፍቅዱ፡ ሓቀኛ ድሌቱ እንታይ ምዃኑ ዘንጻባርቕ ኢዩ ነይሩ። ስርዓት ኢሳያስ፡ በዚ መጥቃዕቲ'ዚ ከመሓላልፎ ዝደለየ መልእኽቲ፡ ተቓወምቲ ውድባት ሱዳን ጌና ኣብ ኢደይ ስለዘለዉ፡ ብዘይ ናተይ ፍቓድ፡ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ሰላም ክነግስ ኣይክእልን ኢዩ ዝብል ኢዩ።

ብዙሓት ተዓዘብቲ፡ ድሕሪ'ቲ ናይ ክልቲኡ መንግስታት ሰበ-ስልጣን ናብ ርእሰ-ከተማታት ናይ ክልቲኣን ሃገራት ዝገበርዎ ተደጋጋሚ ዑደታት ክግሃድ ጀሚሩ ዝነበረ ናይ ዝምድናታት ምምሕያሽ፡ ንድሕሪት ከም እተመልሰ ኢዮም ዝምዝኑ። ንሕና፡ ስርዓት ኢሳያስ ከመይ ከምዝሓስብ ኣፀሪና ስለ እንፈልጥ፡ መንግስቲ ሱዳን፡ ኣብ'ቲ ኢሳያስ ዘዳለወሉ መፈንጠራ ደጊሙ ከይወድቕ ጥራሕ ኢና ክንተሓሳሰብ እንደሊ።

## ጌጋ ብጌጋ ኣይእረምን እዩ፤ ሓሶት ድማ ሓቂ ኣይከውንን

ካብ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ኣትሒዙ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጎኒ ሰውርኡ ደው ኢሉ ንናጽነቱን ልኡላውነቱን፣ ክቡርን ብዙሕን ዋጋ ከፊሉ፣ ንባዕዳዊ ገዛኢ ካብ መሬቱ ክሰጎን መላእ ሓርነቱ ነጻነቱን ክጭብጥ፣ ዕሸላት ደቁ ነዛ መሬት ብኹቡር ደሞም ኣርውዮማ። ድሕሪ ሃገርና ሓራ ምውጻእ ግን፡ ስልጣን በቲ ጨቋንን ዲክታቶርያውን ስርዓት ህግደፍ ስለእተጨበጠ፡ በቲ ሃገራዊ'የ በሃሊ ስርዓት፡ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝኸፍኣ ተግባራት ኣብ ልዕሊ ህዝብና ከፍጽም ተራእየ። ነቲ ህዝብና ንኣስታት ፍርቂ ዘመን ዝተቓለሰሉ ዕላማታትን ሕልምታትን ናጽነት ከይተወልደ እንከሎ ብዕሸሉ ቀተሎ።

እዚ ከይኣክል፡ እቲ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዘሕለፎም ነዊሕ ናይ ስቅያት ዓመታትን፤ ብሰንኪ እቲ ነዊሕ ሓርነታዊ ኵናት ዝዓነወት ሃገርናን ኣብ ግምት ከየእተወ፣ ኣብ ትርጉም ዘይብሉ ባዕሉ ዝፈጠሮ ኵናት ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ሸሚሙዋ።

ንስምዒት ናይቲ ፈታው ሃገሩ ዝኾነ ህዝቢ ስለዝፈለጠ ድማ፡ ነዚ ባዕሉ ዝወልዶ ውግኣት፡ ከም ብጐረባብቲ ሃገራት ኣንጻር ልኡላውነት ኤርትራ ዝቕንዐ ውግኣት ኣምሲሉ ብናይ ዜና ማዕከናቱ ከቃልሖ ተራእየ ። ልክዕ እዩ ህዝቢ ኣብ መጀመርያ ብናይ'ቲ ስርዓት ናይ ፕሮፓጋንዳ ማዕከናት ተታሊሉ፡ ብኽቱር ሃገራዊ ስምዒት ተደሪኹ፡ ንሃገሩ ክከላኸል ኣብ ግንባራት ናይ ውግእ ተዋፊሩ ነይሩ ኢዩ። ነዊሕ ከይከደ ግን፡ እቲ ውግእ ስርዓት ህግዲፍ ከምዝጀመሮ ስለዝተረድኦ፤ ኣብ መንጎ ስርዓት ህግደፍን ኣብ መንጐ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ፡ ጋግን ዘይምትእምማንን ተፈጥረ።

እቲ ዘሕዝን ግን፡ ስርዓት ህግደፍ ማዕረ'ቲ ህዝብና ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ውግእ ምእንቲ ናጽነት ይኹን፥ ኣብ'ቲ ኣብ'ዚ መወዳእታ ብሰንኪ ግጉይ ፖሊሲታትን ኣመራርሓን ስርዓት ህግዲፍ ምስ ኢትዮጵያ ዝተኻየደን፤ በሽሓት ዝቝጸር ህይወት መንእሰያት ዘህለቐን፤ ንመነባብሮ ናይ ብዙሓት ስድራ ቤታት ዘከላባተን፤ ንንቑጽን ጥሉልን ዘንደደን ኵናት፡ ዘርእዮ ልዑል ሃገራውነትን ጅግንነትን ዘይምዃኑ ኢዩ። ድሕሪ'ዚ ኹሉ ዕንወት ውን፡ እቲ ስርዓት ካብ ጌጋታቱ ተማሂሩ ኣብ ክንዲ ዝእረም፤ ኣብ ጌጋታቱ ብምቕጻል፡ ነቲ ዘጋጠሞ ስዕረት "ብዓወት"፤ ነቲ ህድማ ድማ ብ"ምዝላቕ" ክግለጾን፤ ንውዲታት ጸላኢን ዕላማታቱ ኣፍሺልና እናበለ ንህዝቢ ከደናግር ምፍታኑን ኢዩ። እቲ ስዕረት ግን፡ ርኡይ ስለዝነበረ፡ ንምርድኡ ዝኾነ ይኹን ወተሃደራዊ ወይ ፖለቲካዊ ኣፍልጦ ዘድልዮ ኣይነበረን። ህዝብና፡ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ፡ ደቁን ክልተ ኣውራጃታቱን ስኢኑ እንከሎ፡ ኣብ ኣስመራ ኮፍ ኢልካ ተዓዊትና ብምባል ንዓይኒ ሓፋሽ ምድፋን ፈጺሙ ዘይከኣል ኢዩ።

እቲ ውግእ ብጻዕሪ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብን ብመንጎኛነት ፕረሲደንት ቡተፍሊቓ ናይ ኣልጀርያ ደው ከምዝበለ ኵሉ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ነዞም ነዚ ሓቂ'ዚ ዘቃልሑን፡ ነቶም ንሓሶታቱ ዘይተቐበሉን፡ ነቶም እዚ ሃገራውነት ኣብ ደሙ ዝሰረጾ ህዝቢ ከመይ ኢሉ'ዩ በዚ ሕማቕ መንግስቲ

ዝምራሕ ኢሎም ክሓቱ ዝጀመሩ ኤርትራውያን ክኣስር ምጅማሩ ድማ፡ ጉዱ ከይወጽእ ስለዝፈርሐ ኢዩ።

ባህርያት ስርዓት ህግዲፍ፡ ኣብ ሕማቕ ግዜን ኣብ ውግኣትን ንህዝቢ ኣድሕነኒ ኢልካ ምልምማጽ፤ ኣብ ግዜ ሰላም ከኣ፡ ተመሊሱ ንህዝቢ ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ምድጓንን ምጭቋንን ኢዩ።

ኣብ መወዳእታ ክንብሎ እንደሊ እንተሎ፡ ስርዓት ህግዲፍ ንሃገራዊ ስምዒት ናይ ህዝብና መዝሚዙ፡ ንረብሓ ናይ ውሑዳትን ሕልና ዘይብሎምን መራሕትን መጋበርያታቶምን ከየውዕሎ፡ ኵሉ ዝከኣለና ጻዕርታት ክነካይድን፤ ነዚ ካብ ናጽነት ኣትሒዙ፡ ንክፋእን እከይ ተግባራትን ናይ'ቲ ስርዓት ዝተጻወረ ተቓላሳይ ህብዝና፡ ካብ'ዚ ስርዓት'ዚ ንምንጋፉ ብንጽህና ብተወፋይነትን ክንሰርሕን እዋኑ ኣኺሉ ኢዩ። ጌጋ ብጌጋ ኣይእረምን'ዩ፤ ሓሶት ድማ ፈጺሙ ሓቂ ኣይከውንን ኢዩ።

## ጋዜጣዊ መግለጺ ሰክረታርያ ኣሰዳኢት ሸማግለ ሃገራዊ ዋዕላ

ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢት ሸማግለ፦ "እቲ ሓሳብ ነዊሕ ዝገበረ ኰይኑ፡ ኣብ ኵሉ ተኸታቲሉ ዝመጸ መድረኻት ናይ ተጋድሎናን ዝለዓል ዝነበረ ምዃኑ ኣብ ተዘክሮታትና ዘሎ ኢዩ።"

ሰክረታርያ ኣሰናዳኢት ሸማግለ ሃገራዊ ዋዕላ ብ9 ሓምለ 2006 ናይ ሓሳብ ምልውዋጥ ባህርያት ዝሓዘ ሰፊሕ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣካይዱ። ኣብ'ቲ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ኤርትራዊ ማዕከን ዜና፡ ወኪል ዜና ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኣቦ መንበር መደበር ሶይራ ንሰብኣዊ መሰላት፡ ኣቦ መንበር ጠቕላላ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ወከልቲ እስላማዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ፡ ወከልቲ ጠቕላላ ማሕበር ተመሃሮ ኤርትራን ግዱሳት ማሕበራትን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣኼበኛታት፡ ንመግለጺ ኣሰናዳኢት ሸማግለ ድሕሪ ምስማዕ፡ ኣድላዩነት ናይ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ከመይነት ኣቋቑማ ናይ ኣሰናዳኢት ሸማግለ፡ ኣሰናዳኢት ሸማግለ ተሓታትነታ ንመን ምዃኑ፡ ተሳተፍቲ ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ መን ምዃኖም፡ ዋሕስነት ናይ ምክያድ ሃገራዊ ዋዕላን ተፈጻምነት መደብ ዕዮታቱን ውሳኔታቱን ካልእ ኣብ'ቲ መግለጽን ኣብ ጉዳይ ሃገራዊ ዋዕላን ክበርሃሎም ዝደልይዎ ሕቶታት ድሕሪ ምቕራብን፥ ርእይቶታቶም ድሕሪ ምግላጽን ንመደብ ሃገራዊ ዋዕላ ከም ስትራተጂካዊ ዕላማ ዘለዎም ደገፍ ኣረጋገጹ።

ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢት ሸማግለ፡ ሓው በሽር ይስሓቕ፡ ነቲ ሕቶ ክምልስ እንከሎ፡ እቲ ሓሳብ ነዊሕ ዝገበረ ኰይኑ፡ ኣብ ኵሉ ተኸታቲሉ ዝመጸ መድረኻት ናይ ተጋድሎናን ከከም ኣድላዩነቱ ንዘጋጥሙና ጸገማት ንምፍታሕ እናተሓደሰ ክለዓል ዝጸንሐ ጉዳይ ምዃኑ ኣብሪሁ። እቲ ቀንዲ ትሕዝቶኡ ከኣ፡ ንሕና ከም ኤርትራውያን ሓቢርና እንነብረሉ፤ ኤርትራ እትመሓደረሉ ዝበለጸ ኣገባብ ንምንዳይ ዝዓለመ ኰይኑ፥ ሎሚ ከኣ፡ ነቲ ነ'ዚ ውርሻታት'ዚ ዘብርስን፣ ንመኸሰባት ህዝብና ንሓደጋታት ዘቃልዕን ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣልጊሱ፡ ብዲሞክራስያዊ ስርዓት ክትክእን መጻኢ ዕድሉ ብናጻ ድሌቱ ክውስን ናይ ዝደሊ ህዝብና ምሉእ ተሳትፎ ዘረጋግጽ ክኸውን ኣገዳስነቱ እናዓዘዘ ስለዝመጸ ኢዩ ኢሉ።

ሃገራዊ ዋዕላ ክዳልዉ ዝኽእሉ ኵሎም ሓይልታት ድሕሪ ምዝርዛርን፥ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ግዳም ናይ ዝርከብ ህዝብና ሃለዋት ድሕሪ ምግላጽን፤ ንኸም'ዚ ዝኣመሰለ ሃገራዊ መደብ ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኵነታት ክጽውዕን ከዳሉን ከመሓድርን ብቕዓት ዘለዎ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ጥራሕ'ዩ ኢሉ። ቀጺሉ፡ እዚ ማለት ግን፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኣብ ምድላው ኰነ ኣብ ምፍጻም ናይ'ቲ መደብ ንበይኑ ክብሕቶ ዘይኰነስ፤ እንታይ ደኣ፡ ነዚ ዕላማ'ዚ ንምዕዋት ናይ ዝሕግዙ፡ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ማሕበራውን ባህላውን ሃይማኖታውን ክፍልታትን ናጻ ውሩያት ሃገራውያን ባእታታትን ...ወዘተ ንጡፍ ተሳትፎ ምርግጋጽ ኢዩ ኢሉ።

ማእከላይ መሪሕነትን ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ነዚ መደብ'ዚ ንምውጻእን ንምድላውን ዝደረኾ ምኽንያታትን፤ ንሕቶታት ኣኼበኛታት ክምልስን ከሎ፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ሃገራዊ ዋዕላ ተሓታትነታ ንኪዳን ኢዩ። ነፍስወከፍ ኣባል ውድብ ድማ ሓደ ባእታ ኣብ ኣሰናዳኢት ሽማግለ መዚዙ ኣሎ። ቀዳማይ ዕላማኣ ድማ፡ ምስ ውድባት ተራኺባ መደብ ዕዮታቶም እማመታቶምን ምፍላጥን፥ ዝርዝር መጽናዕቲ ምግባርን ኢዩ። ክሳዕ ኣኼባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሩ'ያ ክትጸንሕ። ብድሕር'ዚ ድማ፡ እቲ ካልኣይ መድረኽ ናይ ምስንዳእ ክጅምር ኢዩ ኢሉ። ኣስዒቡ፡ መጠን ተሳትፎ ምስ ዓቕሚ ናይ ኪዳንን ጠለባት ናይ'ቲ ስራሕን ዝተዛመደ ክኸውን ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ክሳዕ ሕጂ ኣብ'ዚ ዋዕላ'ዚ ዘይሳተፍ ስርዓት ኣስመራን መጋበርያታቱን ኢዮም ኢሉ። ብዛዕባ ዋሕስነት ተፈጻምነት መደብ ዕዮን ውሳኔታት ሃገራዊ ዋዕላን ኣመልኪቱ ከኣ፡ እቲ ዘሎና እንኮ ዋሕስነት፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኵነታት ነቲ ጕዕዞ ምቕጻሉ ኢዩ ክብል ኣረጋጊጹ። ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዘለዉ ኵሎም ግዱሳትን ንጡፋትን ዜጋታት ጻኦርታቶም ከኻዕብቱን ኣወንታዊ ተሳትፎ ክገብሩን ጸዋዒቱ ኣቕሪቡ። ኣብ መግለጺ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ሃገራዊ ዋዕላ ሰፊሩ ዝርከብ ኣድራሻ ተጠቒሞም ምስ ዝራኸቡና ሸነኻት ድም ምሉእ ምትሕብባር ክንገብር ኢና ክብል መብርሂኡ ዛዚሙ።

# ዜናዊ ጽብጽብ

## 1. ተቓውሞ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጕዳያት ሱዳን ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኣስመራ

ነቲ ኣብ መንጎ መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነትን፡ ኣብ መንጎ እተን ዝዓበያ ናይ ዳርፉር ተቓወምቲ ውድባትን፡ ኣብ ግንቦት 2006 ዝተበጽሐ ናይ ኣቡጃ ስምምዕ ዝነጸጋ ገለገለ ውድባት ዳርፉር፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ኣስመራ ጒባኤ ክገብራ ምፍቃዱ፡ ከምዘቖጥየ ዝገልጽ ትርር ዝበለ ኣዋጅ ካብ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጕዳያት ሱዳን ወጺኡ። እዘን ንናይ ኣቡጃ ስምምዕ ነጺገን፡ ሃገራዊ ግንባር ድሕነት ዝብል ሓድሽ ስሙር ግንባር ዝመስረታ ውድባት፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ፖለቲካውን ዜናውን ባይታ ስለዘመቻቸኣለን ኢየን ኣብ ሰሜን ኮርደፋን ገለገለ ወተሃደራዊ ስርሒታት ከካይዳ ኪኢለን ክብል መንግስቲ ሱዳን ንኤርትራ ከሲሱ። ብ5 ሓምለ 2006 ኣብ ኵለን ጋዜጣታት ሱዳን ዝወጸ መግለጺ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጕዳያት ሱዳን፤ መንግስቲ ሱዳን፡ "ኤርትራ፡ ነቶም ብዘይካ ንስምምዕ ኣቡጃ ምፍሻል ካልእ ዕላማ ዘይብሎም ናይ ዕንወት ውድባት፡ ኣብ ኣስመራ ተኣኪቦም ናይ ሓባር ግንባር ክምስርቱ ምፍቃዳ ብትሪ ከምዝቃወሞ" ዝገልጽ መልእኽቲ ናብ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ከምዘመሓላለፈ ኣረጋጊጹ። ቀጺሉ፡ መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነት ሱዳን በቲ ተበጺሑ ዘሎ ናይ ሰላም ስምምዕ ምእዙዝ ምዃኑን፤ ነዚ ስምምዕ'ዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ከኣ፡ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ጽቡቕ ናይ ጕርብትና ዝምድና ክህልዎ ከምዝደልን እቲ ኣዋጅ ይሕብር። ነቲ ብውዕላት ይኹን መብጽዓታት ዘይቅየድ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ብምምልካት፡ "ሱዳን በቶም ንነፍሶም ንናይ ደገ ፍሹል ኣጀንዳታት ዝሸጡ ኣዕነውትን ከሓድትን ክትጥቃዕ እትኽእል ድኽምቲ ሃገር ኣይኮነት" ድማ ይብል እቲ ኣዋጅ።

እዚ ሓድሽ ተቓዋሚ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት

ሱዳን፡ ነቲ ምምሕያሽ ዝምድና ኤርትራን ሱዳንን ስዒቡ ዝመጸ፡ ልዝብ ናይ መንግስትን ትቓዋሚ ግንባር ምብራቕ ሱዳንን ብመንጎኝነት ኣስመራ ድሕሪ ምጅማሩ፡ ኣብ ክልተ ቅነኡ ከም ዝተመስረተ ኢዩ ዝፍለጥ። ዝምድና ኤርትራን ሱዳንን በዚ ምዕባለታት'ዚ፡ ብኣሉታ ከምእተጸልወ፡ ነቲ ዝምድናታት ናይ ክልቲኦን ሃገራት ዝከታተሉ ተዓዘብቲ ይሕብሩ። ገለገለ መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ከኣ፡ እዚ ተረኺቦ'ዚ፡ መንግስቲ ኢሳያስ፡ እትረፍዶ መንጎኛ ክኸውን፡ ከም መንግስቲ ውን፡ ሱዳን ምስኡ ተኣማሚና ክትሰርሕ ከምዘይትኽእልን ኣብኡ ክትምርኰስ ከምዘይብላን ንጋዜጣታት ሱዳን ክሕብሩ ምጽናሖም ዝዘከር ኢዩ።

## 2. ኣውሮጳዊ ሕብረት፡ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኣስመራ፡ እገዳ ክገብር ይዘራረብ ኣሎ

ስርዓት ኤርትራ፡ ነቲ ብለገስቲ ዝተዋህቦ ረዲኤት፡ ነቶም ክድገፉ ዘለዎም ጽጉማት ብጥርሑ ኣብ ክንዲ ዝዕድል፡ "መግቢ ብስራሕ" ዝብል ባዕሉ ኣብ ዝወጠኖ መደብ ስለዝደረቐ፤ ሕብረት ኣውሮጳ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ስርዓት እገዳ ክገብር ይሓስብ ከምዘሎ ገሊጹ። ብሕብረት ኣውሮጳ ዝወጸ መግለጺ፡ እቲ መግቢ ብስራሕ ዝብል ናይ ስርዓት ኤርትራ መደብ፡ ነቲ ሕብረት ኣውሮጳ ረዲኤት ክህብ ዝወሰነሉ መሰረታዊ ምኽንያት ዝጻረር ምኻኑ ዝሕብር ኢዩ። ወኪል ሕብረት ኣውሮጳ ኣብ ኤርትራ፡ ገርት ሃይከንስ፡ ንቢ.ቢ.ሲ. ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ብዛዕባ'ቲ "መግቢ ብስራሕ" ዝብል ሓድሽ ፖሊሲ ንምምይያጥ ምስ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ዝተገብረ ኵሉ ፈተነታት ስለዝፈሸለ፣ ሕጂ ተሪፉ ዘሎ ስጉምቲ ምውሳድ ጥራሕ ኢዩ ኢሉ። ቀጺሉ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ዲክታቶርያዊ ኢዩ ክብል ገሊጽዎ። ማርቲ ፕላውት እተባህለ ናይ ቢ.ቢ.ሲ. ጋዜጠኛ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ለገስቲ ሃገራት እናተጋሀደ ዝመጸ ሕማቕ ዝምድናታት ከም'ዚ ዝስዕብ ገይሩ ይገልጾ።

ኣብ ወርሒ ግንቦት ናይ'ዚ ዓመት'ዚ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ "መግቢ ብስራሕ" ዝብል ሓድሽ መደብ ኣብ ግብሪ ከውዕል ጀሚሩ። እዚ ከኣ፡ መግቢ ነቶም ዝሰርሑ ጥራሕ ይዕደል ማለት ኢዩ። መንግስቲ ኤርትራ፡ እዚ መደብ'ዚ ህዝቢ ኣብ ረዲኤት ከይምርኰስ ዝኽልክል ኢዩ ይብል። መንግስቲ እዚ ሓድሽ ለውጥታት'ዚ ከተኣታቱ እንከሎ፡ ነቶም ለገስቲ ሃገራት ከይተወከሰ ኢዩ ገይርዎ። እቶም ለገስቲ ሃገራት ድማ፡ ረዲኤት ዝዕደሉ ኣገባብ ዝገልጽ ንጹር መምርሒ ኣለዎም። ኣምባሳደር ገርት ሃይከንስ፡ ናይ ኣውሮጳ ዓቕሊ ድሕሪ ደጊም ተጸንቂቑ ኢዩ ኢሉ።

"ካብ ግንቦት ኣትሒዙ፡ ቍጽሪ ዘይብሉ ደብዳቤታት ናብ ሚኒስትሪ ልምዓትን ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ልኢኸ ኢየ። ኣብ ዝረኸብክዎም ኣጋጣሚ ድማ፡ እንታይ ገርኩም ኢለ ክሓቶም ጸኒሐ። ግን ዝኾነ ይኹን ስጉምቲ ኣይወሰዱን። ሕጂ ብዛዕባ'ቲ ክውሰድ ዘለዎ ስጉምቲ ምስ ብሩሰልስ ንዛራረብ ኣሎና" ክብል ኣምባሳደር ገርት ንማርቲን ፕላውት ገሊጽሉ። ኣስዒቡ፡ ጕዳይ ረዲኤት ብዝምልከት ግሉጽ ኣሰራርሓ ዘይሃለወሉ ምኽንያት፡ ስርዓት ኤርትራ ናጽነት ናይ ፕረስ ስለዘየፍቅድን ንተቓወምቱ ስለዘይጸወርን ኢዩ ኢሉ።

"እዚ ጸገም'ዚ፡ ምስ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት-ምምሕዳር ዝተኣሳሰረ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲ የለን። ኤርትራ፡ ካብ ዲሞክራሲ ኣዝያ ርሒቓ ኢያ ትርከብ። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ናይ ፕረሲደንት ኢሳያስ ዲክታቶርነት ኢዩ ክበሃል ይከኣል" ብምባል ኣምባሳደር ገርት መረረኡ ገሊጹ።

ኣብ መንጎ ለገስቲ ሃገራትን መንግስቲ ኤርትራን ዘሎ ዝምድና እናተበላሸወ ኢዩ ከይዱ። ካብ ኣስመራ ወጻኢ ንኽይንቀሳቐሱ ተሪር ዝኾነ ምቍጽጻር ኣሎ። ክሳብ 100 ዝኾና ናይ ረዲኤታዊ ትካላት መኻይን ብመንግስቲ ኤርትራ ተሃጊረን ኣለዋ። እዚ ሕጂ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኤርትራን ለገስቲ ሃገራትን ተፈጢሩ ዘሎ ምስሕሓብ ዝድሓረ ኰይኑ፡ ካብ'ቲ "መግቢ ብስራሕ" ዝብል ሓድሽ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ዝነቕል ኢዩ። እዚ ምስሕሓብ'ዚ፡ 15% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ብሕጽረት ናይ መኣዛ ዘይብሉ መግቢ ኣብ ዝሳቐየሉን፤ ህዝቢ ካብ ወጻኢ

ኣብ ዝርከብ ረዲኤት ኣብ ዝምርኰሰሉን ዘሎ እዋን ኢዩ።

## 3. ምስ ዋና ዳይረክተር ጋዜጣ ኣልወጠን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተገብረ ርክብ ኣቶ ሑሴን ኸሊፋ

ዋና ኣካያዲ ሱዳናዊት ጋዜጣ “ኣልወጠን” ኣብ’ቲ ብ15 ነሓሰ 2006 ዝተኻየደ መኽፈቲ ኣኼባ መስመሪ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ንምስታፍ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፥ ምስ ሓው ሑሴን መሓመድ ዓሊ ኸሊፋ፡ ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝገበሮ ቃለ-መሓትት ጋዜጣ ኣልወጠን ኣብ ናይ 22 ነሓሴ 2006 ዓ.ም ሕታማ ቁ.1185 ኣውጺኣቶ።

ሓው ሑሴን፡ ብዛዕባ ምጽንባር ሰለስተ ውድባት ተሓቲቱ ክምልስ ከሎ፣ ″ንሕና ከም ተቃወምቲ ውድባት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተጠርኒፍና ኣሎና። ነዘን ኣባላት ኪዳን ዝኾና ሰለስተ ውድባት፡ ናብ ሓድነት ዘብጽሐ ኵነታትን ግዜን ኣብ ዝፍጠረሉ እዋን፥ ካልኦት ውድባት ውን ኣሰር ናይ’ዘን ሰለስተ ኣብ ሓደ ዝተጸናበራ ውድባት ተኸቲለን ናብ መስመሪ ጕባኤታት ክኣትዋ ኢየን ኢሉ።

ኣብ መንጎ ኤርትራን ሱዳን ዝተራእየ ምምሕያሻት ናይ ዝምድናታት ተሓቲቱ ክምልስ ከሎ ከኣ፡ “ብዛዕባ ምምላስ ዝምድና ሱዳንን ኤርትራን ተሓቲቱ ክምልስ ከሎ: መንግስቲ ሱዳን ረብሓታቱ ዘረጋግጸሉ መገድታት ከናዲ መሰሉ ኢዩ፤ ንሕና’ውን ህልው ኩነታት ሱዳን ኣብ ግምት ነእቱ ኢና። ኢሰያስ ኣፈወርቂ ግን፡ ንጐረባብቱ ክጐድእ ሒኸ ዝብል ህውኽን ውልቀ-መራሕን ኢዩ ኢሉ። ነዚ ሓቂ’ዚ ዘረጋግጽ፡ ኣብ ደቡብን ምብራቕን ምዕራብን ሱዳን ዝፈጸሞ ብዙሕ ጕዳያት ኣሎ። መንግስቲ ሱዳን ከኣ፡ ክልተ ግዜ ዝንከስ ወይ ክልተ ግዜ ኣብ ኢሳያስ ዝ ኾ ዓ ቶ ጕ ድ ጓ ድ ዝ ኣ ቱ ኰ ይ ኑ ኣይስምዓንን። ከም ዝመስለኒ እቲ ጕዳይ ካብ ባህርያዊ ዝኾነ ዝምድና ምፍጣር ዝሓልፍ ኣይኰነን። በዚ ዝምድና’ዚ ኣብ ልዕሌና ዝወርድ ጕድኣት ዘሎ ውን ኣይመስለንን። ነዚ ጨቋኒ ስርዓት’ዚ ንምውዳቕ እነካይዶ ንጥፈታትን ምንቅስቓሳትን ካብ ውሽጢ ኤርትራ ዝብገስ ኮይኑ; ንሕና ድማ፡ ናይቲ ኣብ ትሕቲ ከቢድ ጸጥታዊ ኵነታት ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ መቓልሕትን ሓገዝትን ጥራሕ

ሓው ሑሴን፡ ብዛዕባ ተኽእሎ ምምሕያሽ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ተሓቲቱ ክምልስ እንከሎ፤ ቅድም ከምዝበልክዎ፡ ንሕና ኣብ መንጎ ሃገራት ዘሎ ስትራተጂካዊ ረብሓታት ዝውስኖ ዝምድናታት ምኻኑ ይርድኣና ኢዩ። ምዕባለ ዝምድና ስርዓት ኤርትራ ምስ ሱዳን፡ ንጥቕሚ ሱዳን ኣብ ግምት ዘእተወ ደኣ’ምበር፣ ንህዝቢ ኤርትራን ረብሓታቱን ካብ ምጽባእ ዝነቅል ኣይኮነን። ብተመሳሳሊ’ውን ምስ ኢትዮጵያ ከምኡ ከጋጥም ይኽእል ኢዩ። ኣብዚ እዋን ግን እቲ ፍልልይ ምስ ኢትዮጵያ ዘሎ ዓብይ ስለዝኾነ፡ ምስ’ቲ ናይ ሱዳን ክነጻጸር ዝኽእል ኣይኰነን። ብሓፈሻኡ ግን ንኤርትራ ዘምሓድር ዘሎ ሓደ ውልቀ-ሰብ እምበር መንግስቲ ኣይኮነን ድሕሪ ምባል፤ ሕምብርቲ ናይ’ቲ ሓደጋ ከኣ እዚ ኢዩ ኢሉ። ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ዝምድናታቱ 180 ድግሪ ክቕይር ከምዝኽእል፡ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ፈሊጠንኦ ዘለዋ ጉዳይ’ዩ ድሕሪ ምባል፤ ስለ’ዚ ከኣ ኢዮም፡ ኵሉ ወረቓቕቶም ንሓደ ውልቀ-ሰብ ኣሕሊፎም ክህቡ ዘይደልዩ ኢሉ።

ምዕራባውያን ሃገራት፡ ኣብ ዞና ቀርኒ ኣፍሪቃ ብዞዕባ ዝፍጸም ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ናጽነታትን ዲሞክራስን ብዙሕ እናተዛረቡ እንከለዉ፤ ስርዓት ኢሳያስ ንዝፍጽሞ ግህሰታት ክቃወሙ ግን ኣይስምዑን ኢዮም። ስለምንታይ? ንዝብል ሕቶ ክምልስ እንከሎ፡ ቅድሚ ሕጂ ናብ ኣውሮፓ ማለት ኣብ ሽወደንን ብሪጣንያን ኣብ ዝገበርክዎ ዑደት፡ እቶም ዝተራኸብክዎም መራሕቲ፡ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዝኸፍአ ስርዓት ናይ ዓለም ኢያ ትመሓደር ዘላ ኢሎም ክገልጽዋ ሰሚዐ። ዝምድና ሽወደን ምስ ኤርትራ፡ ነቲ መነባብሮ ከፊእዎ ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ረድኤት ምብጻሕን፤ ንስደተኛታት ኤርትራውያን ድማ ም ሕ ጋ ዝ ን ጥ ራ ሕ ዝ ዓ ለ መ ም ኻ ኑ

ገሊጾምለይ። ከምእዉን ኣብ ብሪጣንያ ኣብቲ ስርዓት ዘለዎም ስክፍታ ገሊጾምልናን ገለ ካብኣቶም ነቲ ስርዓት ንምግጣም ብረት ከም ሓድሽ ምልዓል ከምዘድሊ ዝመኸሩ ውን ኣይተሳእኑን።

ብዛዕባ ዝምድና ኤርትራን እስራኤልን ክግለጽ ከሎ ከኣ፡ "ክልቲኦም መንግስታት ኣብ ምጽባእ ናይ ጐረባብቶም ተመሳሳሊ ጠባያት ኣለዎም" ኢሉ።

ንስርዓት ኢሳያስ ዝድግፋ ሃገራት ኣዕራብ ምህላወንን ዘይምህላወንን ተሓቲቱ ክምልስ ከሎ ሓው ሑሴን ኸሊፋ፡ ዝፈልጦ የብለይን፤ ዝፈልጦ እንተዝህልወኒ ውን ኣይምተዛረብኩን። ምኽንያቱ ድማ፡ ከም ተቓወምቲ መጠን ናይ ኩለን ሃገራት ረብሓታትን ሕሳባትን ኣብ ግምት ነእቱ ኢና ኢሉ።

ብዛዕባ'ቲ ግብጺ ምስ ኢትዮጵያ ዘለዋ ናይ ምንጪ ማይ ምስሕሓብ፡ ንኢትዮጵያ ጸቕጢ ንምግባር ምስ ኤርትራ እተማዕብሎ ዘላ ዝምድና ተሓቲቱ ክምልስ እንከሎ፤ "ኣነ ከምኡ ኣይበልኩን። ንስኻን ግን፡ ካብ እትረኽቦ ሓበሬታታት ተበጊስካ ድላይካ ክትብል መሰልካ ኢዩ።

ሓው ሑሴን ኸሊፋ፡ ሓላፊ ፈጻሚት ቤት-ጽሕፈት ኤዲኪ፡ ብዛዕባ ሊብያ ተሓቲቱ ክምልስ ከሎ፡ "ብዛዕባ ዝምድና ኤርትራን ሊብያን ካብ'ቲ ኩሉ ዝፈልጦ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ዝተፈልየ ኣፍልጦ የብለይን። ዝኾነት ሃገር ግን፡ ምስ ዝመሳሰልዋ ስርዓታት ረብሓታታ ንምርግጋጽ ዝምድናታት ክትፈጥር ትኽእል ኢያ።

## 4. ካብ'ቶም ናይ ዓለምና ዝኸፍኡ 10 ዲክታቶርያውያን ኣብ 2ይ ደረጃ ዝስራዕ መራሒ

ሱዳናዊት ጋዜጣ "ኣልኣንባእ" ካብ ናይ ህንዲ ሰሙናዊት መጽሔት "ኒው ስተይትስማን" ዝቀድሓቶ ኣስማት ናይ 10 ዝኸፍኡ ዲክታቶርያውያን መራሕቲ ናይ ዓለምና ኣብ ሕታማ ኣስፊራ። ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝተሰርዐ ዲክታቶር ናይ ሰሜን ኮረያ ኪም ኢልሱንግ ክኸውን እንከሎ፤ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ድማ፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ተጠቒሱ።

እታ ጋዜጣ፡ ነዚ መደምደምታ'ዚ ክትበጽሕ ዝኸኣለት፡ ናይ'ቶም 10 ዝኸፍኡ ዲክታቶርያውያን መራሕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቦም ዝፍጽምዎ ጭቆናን ቅንጻላታትን፡ ናይ ፕረስን ናይ ምዝራብን ናይ ርእይቶን ናጽነታትን፡ ንጽህና ናይ ምርጫታትን ከም መለክዒ ኣብ ግምት ብምእታው ምዃና ጠቒሳ።

## 5. ብዛዕባ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ዝጠሓሉ ኤርትራውያን

283 መንእሰያት ኤርትራውያን ኣብ መንጎኦም ዝርከብዎም ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ከምዝጠሓሉን፤ ሬሳታቶም ኣብ ገማግም'ቲ ባሕሪ ከምእተረኽበን ዝተፈላለዩ ናይ ዜና ማዕከናት ኣብ ዝሓለፉ እዋናት ክገልጹ ምጽናሖም ዝዝከር ኢዩ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ናይ'ዚ ኣብ ልዕሊ ቤተሰቦምን ህዝቢ ኤርትራን ወሪዱ ዘሎ መሪር ሓዘን ተኻፋላይ ምዃኑ ይገልጽ። እግዚኣብሄር ድማ ጽንዓትን ትዕግስትን ከውርደሎም ይምነ። ናይ'ዚ ካብ ቅንጸላን ጭቆናን ናይ'ቲ ስርዓትን፥ ካብ'ቲ ደረት ዘይብሉ፡ ንመጻኢ ዕድሎምን ዕድል ቤተሰቦምን ኣጸልሚቱ ንካዝናታት'ቲ ስርዓት ዘህጥር ኣስገዳድ ወተሃደራዊ ኣገልግሎትን ከምልጡ ኢሎም ዝስደዱን፡ ብጽምኢ ኣብ ምድረ-በዳታት ዝሞቱን፡ ኣብ ባሕሪ ዝጥሕሉን ዘለዉ ኤርትራውያን መንእሰያት ምሉእ ሓላፍነት ዝስከም ድማ፡ ስርዓት ኢሳያስን ጉጅልኡን ኢዩ።

እዚ ኣብ ሃገርና ዝግሃድ ዘሎ ኣሰቃቒ ኩነታትን፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ናይ ህይወት ዝርአ ዘሎ ቅልውላዋትን፥ ከምኡ ውን፡ እቲ ብሰንኪ'ቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ኩሉ ክፍልታት ናይ ህዝብ ዝፍጽሞ ዘሎ ደያቢ ቅንጻላታትን፥

ናይ መንእሰያት ስደትን ጃምላዊ ሞትን፡ ካብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ንላዕሊ ንሰብኣዊ መሰላት ኤርትራዊ ዜጋ ዘኽብርን፡ ንመነባብሮኡ ዘምሓይሽን፡ ንመጻኢ ዕድሉ ብሩህ ዝገብርን ዲሞክራስያዊ ለውጢ ምምዝጋብ ተደላዪነቱ ብዝያዳ ዓዚዙ ይርእ ከምዘሎ ኢዩ ዝሕብር።

ብኣጋጣሚ ናይ'ዚ ተረኽቦ'ዚ፡ ንኩሉ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ንህልውን መጻእን ዕድላት ወለዶታቱ ዝህድድ ዘሎ ዲክታትርያዊ ስርዓት ንምምካት ቃልስታቱ ከሐይል ንጽውዕ። ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብን ትካላቱን፡ ከምኡ ውን፡ ፈተውቲ ሰላምን ፍትሕን ዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ዝኾኑ ሓይልታት፡ ጸቕጥታቶም ኣብ ልዕሊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ክኸዕብቱን፤ ህዝቢ ኤርትራ ንዘካይዶ ዘሎ ሕጋዊ ቃልስታት ክድግፉን ንጽውዕ።

## 6. ሽሞንተ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ጥሒሎም

ካብ ሊብያ ናብ ዓዲ ጣልያን ስደተኛታት ሒዛ ትጉዓዝ ዝነበረት ጃልባ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳም ዕለት 01.09.2006 ኣብ ማእከላይ ባሕሪ፡ ኣብ ገማግም ሲቺልያ ድሕሪ ምብጽሓ ማዕበል ከምዝገልበጣን፤ ኣብኡ ካብ ዝነበሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት 8 ክሞቱ እንከለዉ፥ 19 ድማ፡ ብህይወት ምትራፎም ካብ'ቲ ከባቢ'ቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

ቀንዲ ጠንቂ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት እቲ ናይ ግዜ ደረት ዘይብሉ ናይ ባርነት ወተሃደራዊ ኣገልግሎትን ሕሱም ዝኾነ ቍጠባዊ ቅልውላዋትን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ምዃኑ ይፍለጥ።

ሃገራት ኣውሮጳ፡ ኣብ ገማግም ሰሜን ኣፍሪቃ ምስ ዝርከባ መንግስታት ብምስምማዕ ነቲ ናይ ኣፍሪቃውያን ዋሕዚ ስደት ናብ ሃገራት ኣውሮጳ ደው ክብልኦ'ኳ ይፍትና እንተሃለዋ፤ ብሓደ ሸነኽ፡ ናይ ስደተኛታት መሰል ምግሃስ'ዩ ዝብል ናይ ሰብኣዊ ማሕበራት ተቓውሞታት፤ ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ናይ'ቶም ኣብ'ዚ ዘይሕጋዊ መስርሕ ናይ ምስግጋር ዝሳተፉ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኤርትራውያን ውን ዝርከብዎም ናይ ዝተፈላለዩ ዜጋታት ነጋዶ ረብሓታት ዝያዳ ይሓላልኹ ከምዘሎ ይፍለጥ። ኣብ'ዚ ዘይሕጋዊ ስራሕ'ዚ ዝሳተፉ ተራ ዜጋታት ጥራሕ ዘይኮኑስ፡ ስልጣን ዘለዎም ሰባት ምዃኖም ድማ፡ ነቲ ጉዳይ ዝያዳ ዝተሓላለኸ ኢዩ ዝገብሮ።

ቅድም ክብል ልዕሊ 283 ኤርትራውያን ስደተኛታት ብሓደ ግዜ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ከምዝጠሓሉ ዝዝከር ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ልዕሊ 300 ዝኾኑ ኤርትራውያን፡ ናብ ሃገሮም ንኽባረሩ ኣብ ሊብያ ተኣሲሮም ኣለዉ።

## 7. ኤርትራዊያን ዝርከብዎም 23 ሰባት ብሓደጋ ፈንጂ ሞይቶም

23 ሰባት 5 ኤርትራውያን ዝርከብዎም 23 ሰባት ትማሊ ኣብ ዘጋጠም ክልተ ሓደጋታት ናይ ፈንጂ ከምዝሞቱ ሎሚ ዕለትት 13.09.2006 ኣብ ዝወጸ ጋዜጣታት ሱዳን ተገልጹ። እቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ክልተ ኣብ መንገዲ ፖርትሱዳን ከሰላ ክንቀሳቐሳ እንከለዋ ፈንጂ ረጊጸን ስለ እተባርዓ ኢዩ። ኣገልግሎት ዜና ሱዳን 5 ግዳያት ካብቶም ዘሞቱ ሰባት ኤርትራውያን ሞኻኖም ገሊጹ።

ጠንቂ ናይቲ ሓደጋ ኣብ'ቲ ቦታ ተዘሪኡ ዘሎ ካርታ ዘይብሉ ፈንጂታት ኢዩ ክብል ምክትል ኣምሓዳሪ ከሰላ ገሊጹ። ከምኡ ውን፡ ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ዓለምን ነተን ኣብኡ ዝነጥፋ ዘለዋ ውድባትን ነዚ ፈንጂታት'ዚ ብቕልጡፍ ክኣልይኦ ተማሕጺኑ።

## 8. ሓደ ኮለኔል ዝርከቦም 250 መንእሰያት ኣብ ሓደ ሰሙን ኣብ ሱዳን ኣትዮም

መስርሕ ምጽንቃቕ ናይ ኤርትራ ካብ'ቶም ብሉጻት ዓቕምታታ ዝኾኑ መንእሰያት ይቕጽል ኣሎ። ካብ ዕለት 1-7 መስከረም 2006 ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ሓደ ኮለኔል ዝርከቦም 250 መንእሰያት ካብ ሰራዊት ዲክታቶርያዊ

ስርዓት ኣስመራ ኣምሊጦም ናብ ሱዳን ምእታዎም ተፈሊጡ ኣሎ። ኣብ መንገ'ዞም ናብ ሱዳን ዝኣተዉ፡ መብዛሕትኦም ካብ መበል 19ን 20ን ዙር ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝኾኑ መንእሰያት 17 ደቂ ኣንስትዮ ይርከብኦም።

ምስ'ዞም መንእሰያት እዚኣቶም ኣብ ዝተገብረ ዝርርብ፡ ናብ ሱዳን ምብጻሖም ሕጕሳት ምዃኖም ድሕሪ ምግላጽ፤ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ህግዲፍ ዅሉ መዳያት ናይ ህይወት ብፍላይ ከኣ፡ ምጣነ-ሃብታዊ መዳይ እናኸፍአ ይኸይድ ምህላዉ ኣረጋጊጾም። ሓደ ካብ'ቶም መንእሰያት ከኣ፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ንዅሎም መንእሰያት ካብ ትምህርትን ካልእ ህያው ዝኾነ ንጥፈታትን ኣጕናዲቡ፡ ኣብ ሰራዊት ምጽንባሩ ጥዕና ዘለዎ ስራሕ ኣይኰነን ዝገብር ዘሎ ኢሉ። ቀጺሉ፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ዚ ስርዓት'ዚ ክናገፍ ከምዝደሊ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንዅሎም ኤርትራውያን ብሓፈሻ፥ ንሰዓብቲ ክርስትና ድማ ብፍላይ፡ እንቋዕ ናብ በዓል ቅዱስ ዮውሃንስ ኣብጽሓኩም፤ እዚ ዓመት'ዚ ከኣ፡ ካብ'ዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት'ዚ እንገላገለሉ ዓመት ይግበረልና ብምባል ናይ ዮሃና መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ።

ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ክሃድም ዝፈተነ ይኹን ኣብ ህድማ ዝተሓባበረ ዝኾነ ይኹን ሰብ ክቕተል ኣለዎ ዝብል ትእዛዝ ከምዘመሓላለፈ ዝዝከር'ዩ። እዚ ትእዛዝ'ዚ ግን፡ ንህድማ ናይ መንእሰያት ክሳዕ ሕጂ ደው ከብሎ ኣይከኣለን።

## 9. ኤርትራ፡ ንብረት ቃል ሂወት ክውረስ ኣዚዛ

### ናይ ቃል ሂወት ሰብኣዊ ፕሮጀክትታት ደው ከምዝብል ተገይሩ

መንግስቲ ኤርትራ፡ ቃል ሂወት ተባሂሉ ናይ ዝፍለጥ ናይ ፕሮተስታንት ቤተ-ክርስትያን ንብረትን ሃብትን ክህገር ኣዚዙ።

እዚ ብጽሑፍ ዝተመሓላለፈ ትእዛዝ'ዚ፡ ናብ'ቲ ንልዕሊ 20 ዓመት ብሕጊ ከምዘይመንግስታዊ ትካል ተፈሊጡሉ፡ ኣብ ትሕቲ ኮሚሽን ረድኤትን ምጥያስን ኤርትራ ክሰርሕ ዝጸንሐ ክፍሊ ሰብኣዊ ጕዳያት ናይ'ቲ ቤተ-ክርስትያን ዘትኰረ ኢዩ። እቲ ትእዛዝ፡ ካብ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ናይ ዘይመንግስታዊ ትካላት ንጥፈታት ደው ከብል ዝጸንሐ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ጕዳያትን ኤርትራ'ዩ ተመሓላሊፉ። ገለገለ ኤርትራውያን ሰዓብቲ ሃይማኖት ክርስትና፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ጕዳያትን ከም'ዚ ዝኣመሰለ ትእዛዝ ከመሓላልፍ ይኹን ኣብ ግብሪ ከውዕል ሕጋዊ ስልጣን የብሉን ይብሉ። እቲ ክውረስ ተወሲንሉ ዘሎ ንብረት፡ ናይ ቤተ-ክርስትያን ገዛውትን ኣብያተ-ትምህርትን መኻይንን ካልእ ንብረትን ዘጠቓለለ ኢዩ።

ኣብ ፓራዲዞ ዝርከብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ናይ ቤተ-ክርስትያን ቃል ሂወት ብሓይልታት ጸጥታ ተወሪሩ ከምዝዕጾ ኰይኑ ኣሎ። ኣባላት ምምሕዳርን፡ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ኣብ'ቲ ቦታ ዝተረኽቡ ዜጋታትን ተኣሲሮም ኣለዉ። ከምኡ ውን፡ ኮምፕዩተራትን መዛግብን ካልእ ንብረትን ናይ'ቲ ቤተ-ክርስትያን ተሃጊሩ ኣሎ። መፋትሕ ናይ'ቲ ገዛውቲ ውን፡ ካብ'ቲ ግዜ'ቲ ኣትሒዙ ኣብ ኢድ ፖሊስ ኢዩ ዘሎ።

ብዘይካ'ዚ ኣብያተ-ጽሕፈታት'ዚ፡ ካልእ ሰብኣዊ ኣገልግሎት ዝህብ፡ ከም ናይ ዘኽተማትን መዋዕለ-ሕጻናትን ዝኣመሰለ ኣብ መላእ ኤርትራ ዝካየድ ፕሮጀክትታት ውን ተሃጊሩ ኣሎ።

"እዚ ቀጥታዊ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ቤተ-ክርስትያን ኢዩ። ነቲ ቤተ-ክርስትያን ሓንሳብ ንሓዋሩ ንምዕጻው ዝውሰድ ዘሎ ስጕምቲ'ዩ" ክብሉ ገለገለ ምንጭታት ንኮምፓስ ዳይረክት ኒውስ እተባህለ ናይ ዜና ማዕከን ሓቢሮም።

ሰለስተ ደረጃታት ዘለዎ ናይ ምድኻም ተግባራት፡-

ኣንጻር ናይ ፕሮተስታንት ኣብያተ-ክርስትያናት ብመንግስቲ ኤርትራ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 4 ዓመታት ክውሰድ ዝጸንሐ ናይ ምድኻም ተግባራት ብሰለስተ ደረጃታት'ዩ ሓሊፉ ክብሉ ቦታውያን ሓለፍቲ ናይ'ቲ ቤተ-ክርስትያን ይገልጹ።

እቲ ቀዳማይ ስጉምቲ ንመራሕቲ ሃይማኖት ምእሳር'ዩ ነይሩ። ልዕሊ 30 ዝኾኑ መራሕቲ ብዘይ ክስን ብዘይ ፍርድን ኣብ ማእሰርቲ ተዳጒኖም ይርከቡ። ብድሕር'ዚ፡ ንኣብያተ-ክርስትያናት ምውራርን ምዕጻውን ሃይማኖትዊ ንጥፈታት ከየካይዱ ምኽልካልን ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ዝተወሰደ ስጉምቲ ድማ፡ ንብረት ቤተ-ክርስትያን ምውራስን፤ ንጥፈታት ናይ ቤተ-ክርስትያን ብሕጊ ምእጋድን ኢዩ።

መራሕቲ ቤተ-ክርስትያን ተቓውሞታቶም እኳ እንተስምዑ፡ እቲ ተወሲዱ ዘሎ ስጉምቲ ዳግመ-ርእይቶ ዝግበረሉ ኣይመስልን'ዩ ክብሉ ገለገለ ሰዓብቲ ናይ'ቲ ቤተ-ክርስትያን ይገልጹ።

ካብ ግንቦት 2002 ኣትሒዙ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ኦርቶዶክሳዊ፡ ካቶሊካዊ፡ ወንጌላዊ ኣብያተ-ክርስትያንን ከምኡ ናይ ምስልምና ሰዓብቲ ዝኾኑ ናጻ ሃይማኖታዊ ጉጅለታት ከልኪሉ። ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ናይ ፕሮተስታንት ኣብያተ-ክርስትያናት ንዝቕረብዎ ናይ ምዝገባ ጠለባት ነጺጉ።

ወጻኢ ካብ'ቶም ዝተመዝገቡ ሃይማኖታት ዝውንንዎም ኣብያተ-ክርስትያናት፡ ኣብ ገዛውቶም ክጽልዩ ዝተረኽቡ ምእመናን ክእሰሩን ክዕዘቡን (ክሳቐዩን) ሃይማኖቶም ክገድፉ ብርቱዕ ጸቕጥታት ክግበረሎምን ጸኒሑ።

ዋላ መራሕቲ ናይ'ተን 4 ዓበይትን ዝተኣመነለን ኣብያተ-ክርስትያናት ከይተረፈ፡ ብዙሕ ጸቕጥታት ኢዩ ዝግበረሎም። ንሕግታት ሃይማኖታዊ ትካላት ብምግሃስ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ 2005፡ ብቤተ-ክርስትያን ንዝተቐብኡ መራሒ፡ ኣባ ኣንጠንዮስ ኣውሪዱ፤ ጳጳስ ኦርቶዶክሳዊ ቤተ-ክርስትያን ባዕሉ ክሸይም ተራእዩ።

ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ብውሑዱ 1,918 ዝኾኑ ኤርትራውያን ብሰንኪ ሃይማኖታዊ እምነቶም፡ ብዘይ ፍርዲ ተኣሲሮም ከምዘለዉ ዳይረክት ኮምፓስ ኒውስ እተባህለ ሃይማኖታዊ ናይ ዜና ማዕከን ጸብጺቡ።

## 10. ኤርትራውያን ካብ ሊብያ ንኸይባረሩ ንምድሓ ዝግበር ዘሎ ናይ ተቓውሞ ጻውዒት

## ማሕበር ኤርትራውያን ንዘተ ኣብ ሽወደን

ኣብ መንጐኦም 300 ደቂ ተባዕትዮን 100 ደቂ ኣንስትዮን ዝርከብዎም 400 ዝኾኑ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ካብ ሊብያ ናብ ኤርትራ ንኽባረሩ ኣብ ሓንቲ ካብ በንጋዚ 100 ኪሎ ሚተር ርሒቓ እትርከብ ከተማ ተኣሲሮም ከምዘለዉ ምስ ሰማዕና ከቢድ ጓሂ'ዩ ተሰሚዑና። ካብ'ታ፡ ማእሰርትን ምስጓግን ፈሪሖም፡ ህይወቶም ንምድሓን ዝሃደሙላ ሃገር ብዘይ ፍቓዶም ንኽምለሱ ኢዮም ዝግደዱ ዘለዉ። እንተደኣ ተመሊሶም ከኣ፡ ኣደዳ ቅንጻላን ማእሰርትን ስቅያትን ዓዘባን ክኾኑ ምኻኖም ዘጠራጥር ኣይኮነን። መንግስቲ ሊብያ፡ ኣብ ሃገሩ ንዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ከባርር ናይ መጀመርያ ግዜኡ ኣይኮነን።

ኣብ 2005፡ መንግስቲ ሊብያ፡ ልዕሊ 70 ዝኾኑ ኤርትራውያን ናብ ሃገሮም ከምዘባረሮም ዝፍለጥ ኰይኑ፤ እቶም ስደተኛታት ግን፡ ነታ ናብ ሃገሮም ትመልሶም ዝነበረት ነፋሪት ሊብያ ጨውዮም ኣብ ካርቱም ከምእትዓልብ ብምግባር ህይወቶም ከምዘድሓኑ ዝዝከር ኢዩ። ንስደተኛታት በስገዳድ ናብ ሃገሮም ምምላስ፡ ምስ ኣህጉራዊ ሕጊ ዝጻረር፡ ቅሉዕ ናይ ሰብኣዊ መሰል ግህሰት ኢዩ። ሊብያ፡ ከም ኣባል ሕቡራት ሃገራት፡ ንመሰላት ስደተኛታት ብተደጋጋሚ ኣገባብ ክትግህስ ትርከብ ኣላ።

ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ኵሎም ናይ ኤርትራውያን ናይ ዜና ማዕከናትን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ሲቪላውን ፖለቲካውን ውድባትን ነዞም ህይወቶም ንሓደጋ ተሳጢሑ ዘሎ መንእሰያት ንምድሓን፡ ናብ ዝምልከቶም ኣህጉራዊ ትካላትን ናብ መንግስቲ ሊብያትን ናይ ተቓውሞኦም ድምጺ ከስምዑ ንጽውዕ።

ማሕበር ዘተ ኤርትራ፡ በዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ኵሎም ኤርትራውያን ውድባትን ናይ ሰብኣዊ መሰል ማሕበራትን ንምርኻብ ይጽዕር ኣሎ።

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝርከብ፡ ናይ ኤርትራውያን ናይ ሰብኣዊ መሰል ማሕበርን ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ካልኦት ኣህጉራዊ ናይ ሰብኣዊ መሰላትን ድሮ ርክባት ጀሚሩ ከምዘሎ ክንሕብር ንፈቱ።

## 11. መጸዋዕታ፡ ንኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ካርቱም

## ኤርትራ፡ ንተቓወምቲ ውድባት ሱዳን ካብ መሬታ ከተባርሮም መንግስቲ ሱዳን ጠሊቡ

**ጋዜጣታት፡- ኣልእንትባህ፡ ኣስሓፋ፡ ራኢ ኣሽዓብ፡ ኣልወጠን 06.07.2006**

ኤርትራ፡ ስለምንታይ ንግንባር ሃገራዊ ድሕነት ሱዳን፡ ኣብ ሃገራ ኣኼባ ክገብር ከም ዘፍቀደት ንምፍላጥ፥ መንግስቲ ሱዳን ንኣምባሰደር ኤርትራ ኣብ ካርቱም ከምዝጸውዓቶ ዶክተር ላም ኣኮል፡ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ሱዳን ሓቢሩ። "ኤርትራ መንግኖኛ ኰይና ኣብ ምብራቕ ንዘሎና ሽግራትና ኣብ ምፍታሕ ክትተሓባበረና ድሕሪ ምሕታትና፥ ተቓወምትና፡ ኣብ ኣስመራ ምንቅስቓሶም መስሪቶም፡ ንሱዳን ክወግኡ እንተደኣ ዝመጹ ኰይኖም፡ እዚ፡ ሰላም ንምርግጋጽ ዝሕግዝ ኣይኰነን" ከምዝበለ፡ ሮይተርስ እተባህለ ናይ ዜና ማዕከን ሓቢሩ። ከምኡ ውን፡ "ኤርትራ፡ ነቲ ንመንግስቲ ሱዳን ዝቃወም ምሕዝነት ኣብ ሃገራ ኣኼባ ክገብር ምእንጋዳ ስለምንታይ ምዃኑ ንምፍላጥ፡ ኣምሳደር ኤርትራ ናብ መንግስቱ መልእኽቲ ክሰድድ ተጠሊቡ ኣሎ" ክትብል እታ ጋዜጣ ሓቢራ። ዶክተር ላም ኣኮል፡ ኤርትራ ንተቓዋሚ መንግስቲ ሱዳን ዝኾነ ሓድሽ ምሕዝነት ኣብ ሃገራ ኣኼባ ክገብር ምእንጋዳ፡ ሻራ ዘይብላ መንግኖኛ ክትከውን ትኽእል ድያ ዝብል ሕቶታት ኣልዓዒሉ ኣሎ ኢሉ። "ነዚ ሕቶ'ዚ መልሲ ንምርካብ ኢና መብርሂ ንሓትት ዘሎና። ቅልጡፍ መልሲ ክውሃበና ከምዘለዎ ድማ ሓቢርናዮም ኣሎና" ክብል ወሲኹ። ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ካርቱም ግን፡ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ርእይቶ ካብ ምሃብ ተቖጢቡ ኣሎ። ጋዜጣ ኣልእንትባህ ኣስዒባ፡ "ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉድያት ሰዳን፡ ንኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ካርቱም ትማሊ ጸዊዓ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንተቓወምቲ ውድባት ሱዳን ኣብ መሬታ ብቐጻልነት ምእንጋዳ ሱዳን ከምእትቃወሞ ሓቢርናያ ኣሎና ክብል ዕላዊ ውሃቢ ቃል (ኣፈኛ) ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ንኣልጀዚራ ከምዝገለጸላ ተፈሊጡ ኣሎ" ኢላ። ከምኡ ውን፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ካርቱም፡ ነቲ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ሱዳን ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ "ሓምራት ኣልሸኽ" እተባህለ ቦታ ዘካየዶ መጥቃዕቲ ዘስዓቦ ተቓውሞታት መንግስቲ ሱዳን፡ ካብ ፕረሲደንት ኢሳያስ ዝተመሓላለፈሉ ናይ ኣፍ መልእኽቲ ንምብጻሕ ምስ ፕረሲደንት ዑመር በሺር ርክብ ሓቲቱ ከምዘሎ፡ መስጣፋ ዑስማን እስማዒል ኣብ ተለቪዥን ኣልጀዚራ ዝገበሮ ቃለ ምልልስ ከምዝቃልዐ ጋዜጣ ኣልእንትባህ ጠቒሳ።

ጋዜጣ ኣልስሓፋ ግን፡ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ናይ ሕታማ፡ ፕረሲደንት ኢሳያስ፡ ነቲ መንግስቲ ሱዳን፡ ንምእንጋድ ናይ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ሱዳን ኣብ ኣስመራን፤ ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት፡ ኣብ "ሓምራት ኣሸኽ" ዝተፈጸመ መጥቃዕትን ኣመልኪቲኡ ዘስምዮ ተቓውሞታት፡ ብጽሑፍ መልሲ ናብ ፕረሲደንት ዑመር ኣልበሺር ልኢኹ ከምዘሎ ሓቢራ። ምስ'ዚ ብምትእስሳር ዕላዊ ውሃቢ ቃል ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳይ ሱዳን ኣሰይድ ጀማል መሓመድ ኢብራሂም፡ እቶም ንስምምዕ ኣቡጃ ዝተጻረሩ ጉጅለታት ኣብ ሰሜን ኮርዶፋን ዝፈጸምዎ ናይ ዕንወት መጥቃዕታዊ ስርሒት ንስምምዕ ኣቡጃ ንምፍሻል ዝሓለነ ምዃኑ ንኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ካርቱም ተሓቢርዎ ኢዩ ኢሉ። ግንባር ሃገራዊ ድሕነት እዚ መጥቃዕቲ'ዚ ንምፍጻም ዝነበሮ መደብ መንግስቲ ኤርትራ ከም እትፈልጥን፤ እንተትደሊ ውን ደው ከትብል ትኽእል ምንባራን ኣሚቱ።

ንጽባሒት ድማ፡ መንግስቲ ሱዳን፡ ኣንጻር'ቲ ኣብ ፡ሓምራት ኣሸኸ" መጥቃዕቲ ምክያዱ ብዕሊ ዝተኣመነ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ሱዳን፡ ወግዓዊ ተቓውሞኣ ንባይቶ ሕቡራት ሃገራት ከምዘቕረበት፡ ምኽትል ልኡኽ መንግስቲ ሱዳን ኣብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣሰይድ በሺር ዑመር ከምዝሓበረ እታ ጋዜጣ ኣቃሊዓ።

ጋዜጣ ራኢ ኣልሽዓብ ከኣ፡ ንመንግስታዊ ምንጪታት ጠቒሳ፡ ሱዳን ኣንጻር ኤርትራ ተሪር መርገጽ ከይትወስድ'ሞ፡ እቲ ምስ ግንባር ምብራቕ ሱዳን ኣብ ኣስመራ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ልዝብ ከይፈሽል ስግኣት ከምዘለዎም ገሊጹ።

ግንባር ምብራቕ ሱዳን ከኣ ብወገኑ፡ ንልዝብ ምችእቲ ዝኾነት ሃገር ኤርትራ ጥራሕ ኢያ፤ ዝኾነ ይኹን ነቲ ልዝብ ካብ ኤርትራ ንምቕያር ዝግበር ፈተነ ቅቡል ኣይኮነን ኣብ ዝብል መርገጽ ብምጽናዕ፤ እቲ ልዝብ እንተደኣ ተዓናቒጹ፡ እቲ ኩነታት ኣብ ዝነበሮ ክምለስ ኢዩ ክብል ኣጠንቂቑ።

እቲ ኣብ ከተማ ተሰነይ ዝተኻየደ ኣኼባ ናይ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ሱዳን፡ ነቲ ቅድም ክብል ዘቕርቦ ዝነበረ ጠለባት ክብ ብምባል፡ ናይ ምኽትል ኣቦ መንበር ቦታ ክውሃቦን፤ ኣብ ፈደራላዊ መንግስትን ኣብ ፓርላማን ዝህልውዎ ቍጽሪ ናይ ወከልቲ ክውስኽን፤ ናይ ሃገራዊ ሃብትን ስልጣንን ብጽሒቱ ኣብ ኣውራጃታት ኰነ ኣብ ፈደራላዊ መንግስቲ ...ወዘተ ክዛይድን ጠሊቡ ኣሎ።

ነዚ ኣመልኪታ ጋዜጣ ኣልስሓፋ፡ ዶክተር ሙስጣፋ ዑስማን እስማዒል ትማሊ ኣብ ዝገበር ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ኣብ ጉዳይ ምብራቕ ኣብ ዝግበር ዘሎ ልዝብ፡ ናይ ጸጥታ ሽማግለ ኣብ ስምምዕ ከምዝበጽሐትን፤ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ መዓልታት መንግስቲ ሱዳን ፈሪማ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ናብ ተሰነይ ክትልእኽ ምዃናን ኣረጋጊጹ። እቲ ስምምዕ ድማ፡ መንግስቲ ሱዳን መንግስቲ ኤርትራን እቶም ብረት ዝዓጠቑ ተቓወምትን ኣብ ትሕቲኦም ናይ ዝርከብ ቦታታት ጸጥታ ምሕላው ሓላፍነቶም ኢዩ ዝብል ምዃኑ ሓቢሩ። ዶክተር ሙስጣፋ ቀጺሉ፡ እንተደኣ ርግኣት ሰፊኑ፡ መንግስቲ ሱዳን፡ ነቲ ኣብ ምብራቕ ኣንቢራቶ ዘላ ናይ ህጹጽ ኩነታት ኣዋጅ ከተልዕሎ ጸገም ከምዘይብላ ኣሚቱ።

ጋዜጣ ኣልወጠን ከኣ፡ ሕዝብ (ሰልፊ) ኣል ኡማ ኣልቖውሚ ንልዝብ ምብራቕ ሱዳን ከምዝድግፍን፤ ንሽግራት ምብራቕ ሱዳን ንምፍታሕ ኵሉ ሽነኻት ናይ ምብራቕ ሱዳን ዝሳተፎ ደኣ'ምበር፡ ከም'ቲ ናይ ነፋሻ ስምምዕ ካዕባዊ ክኸውን ከምዘይብሉን ጠቒሳ። እቲ ሰልፊ ኣብ ዘውጽኦ ኣዋጅ፡ ጉዳይ ምብራቕ ምስ ጉዳይ ዞባናን ኣህጉርናን፤ ከምኡ ውን፡ ምስ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኣሳሰር ምዃኑ ኣብ ግምት ከኣቱ ከምዝበለ ውን ጠቒሱ።

## ናይ ዮሃና መልእኽቲ
## ብኣጋጣሚ ምጅማር ወርሒ ረመዳን

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
## 23.09.2006

ብስመይን ብስም ኩሎም ብጸተይ ኣባላት ፈጻሚ ቤት-ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን: ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ኣመንቲ ምስልምና ብኣጋጣሚ ክቡር ወርሒ ጾመ ረመዳን እንቋዕ ኣብጸሓኩም ክብል ይፈቱ ንእስላምና ርሑስ ጾመ ረመዳን በረኸት ዘለዎ ወርሒ ይግበረልኩም እብል። ንመላእ ህዝብና ድማ እዚ ርሑስ ወርሒ'ዚ ካብ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘናግፍ ወርሒ ይግብረልኩም እንዳበልኩ፡ ሰላምን ቅሳነትን ንመላእ ህዝቢ ክወርደሉ እምነ።

ሑሴን ኸሊፋ
ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ቤት-ጽሕፈት
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
23.09.2006

# <u>መስከረም 2006</u>

ዳግመ ሰላም 1961 ባሕቲ መስከረም
ዕጥቂ 30 ዓመት ንባዕድነት ዘበለ ዓረም
ንዓኺ ዝወደቑ ይዘከረኡ ብወርቂ ቀለም
ብሓወልቲ ኣልማዝ ይኽበሩ ንዘለኣለም።
ሎምዘመን መሪሩ ክንሓምየኪ ብዘይቀለዓለም
ሓርነት ተዓሚጻ ብህግዲፍ ሕድሪ ጠለም፣
ህዝብና ዘይግቦኦ ረኺቡ ጉዳም መንደዓት ጸገም
ብግፍዕታት ህግዲፍ ሕማም ዘይብሉ ብግዲ ክሕጎም።
ደቁ ንብረቱ መሬቱ ክምንዛዕ ኣንታ ሕመቅ ድዩ መርገም
15 ዓመት ተጨቍኑ ህዝብና ሎሚ ሓርቢትዎ ዝልቀም
ህዝብናን ሃገርናን እናጸነተት ኣሕዋት ኮና መስሓቅ ዓለም
ተሓታቲ ናይዚ ጸሊም ሓጢኣት መንዩ ዝስከም ??????
ባሕቲ መስከረም ሎሚ ኣነስ ተሰኪፈ
ሃገር እናተነጸለት ህዝቢ ብሞቕሕ እናተጨፍጨፈ
ጠገለ ኣልቦ ዕስክርና መንእሰይ ትምህርቱ እናተኾልፈ
ንጽሕ ወላዲ ዘይበደለ ክቕፈድ ብህግዲፍ እናተገርፈ
ምስ ህግዲፍ ዘጣቕዕ ሎሚ ሙዉት ብቀትሩ ዝጸደፈ
ንወለዱ ብጾቱ ዝጠልም ባኻ ከይተወልደ ምተረፈ።
ካልእ ኣሎ ዘብኪ ንኤርትራዊ ዘጽረፈ
ካብ ህግዲፍ ኣምሊጡ ንኤውርጳ ዝሓለፈ
ምስ ተቓውምቲ ክንዲ ዝውደብ ክምልእ ዝተረፈ
ፍቃዱ ወሲዱ ተመሊሱ ከዲዑ ትፋኡ ዝለሓሰ
ይስዕስዕ እንዳ ህግዲፋ ጓይላ ንብጾቱ ዝቀዘፈ፣
እዚ እዩ ከኣ ሓይሊ ስፍሓት ተቓውሞ ዝኾለፈ
ስለዚ ከኣ እዩ ህግዲግ ንዲሞክራሲ ዕጭ ዝሓንፈፈ
ኤርትራውያን መዓስ እዩ ዝርድኣና ሕሰም እናተዓጸጸፈ ???

ባሕቲ መስከረም ንወትሩ ትኽበር
ነባሪ ክብሪ ዝኽርን ንስዉኣትና


መበል
45
ዓመት
01-09
1961
2006